ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.310 | ዓርቢ 28 ነሓሰ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ጥንቃቐ ነፍሰ-ጾር ምስ ምቅይያር ክሊማ




ገጽ 3
ንግዳዊ ኲናት ኣመሪካን ካናዳን




ገጽ 4
መልእኽቲ ምስጋና ናብ ከዋብ! (ዕቃበ ኣጽዋር)



ገጽ 10
ገንዘብ እንተ’ሎ፡...



ገጽ 11
ውድድር ኩዕሶ መርበብ ግራስ ሩት ኣብ ኣጋ ምዝዛሙ



# ጽንብል ዝኽሪ ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ብደረጃ ሃገር ክካየድ’ዩ

ጽንብል ወርቃዊ እዮቤልዩ - ዝኽሪ መበል 50 ዓመት ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ፡ “ዕዙዝ ዝኽሪ ንሓድሽ ወፍሪ ህንጻት ሃገር” ብዝብል ቴማ፡ ብደረጃ ሃገር ካብ 17 ክሳብ 20 መስከረም ንምጽንባል ምድላዋት ከምእተጻፈፈ፡ ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ገሊጹ።

ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ዕላማ ናይ’ዚ ጽንብል - ታሪኻን ኣመዓብላን ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ምስናድን ናብ መጻኢ ወለዶታት ምትሕልላፍን፣ ክልሰ-ሓሳብን ግብርን ዘዛምድ፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ዝመትከሉ፡ ብቐንዱ ድማ መበቈላዊ ኣካይዳ ዝኽተልን ንብዝሑነት ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ግምት ዘእቱን ጽላት ትምህርቲ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ንምንጽብራቕ፣ ከምኡ’ውን ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ዜጋታት ኣበርክቶኦም ዘዕዝዙሉ ባይታ ንምፍጣር ከምዝኾነ ሓቢሩ።

እቲ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን ዝካየድ ጽንብል፡ ስእላዊ ምርኢት፡ ሙዚቃዊ ኮንሰርት፡ ሰሚናራት፡ ስፖርታዊ ውድድራት፡ ከምኡ’ውን ሲምፖዝዩም ከምዘጠቓልል ብምጥቃስ፡ እቲ ወግዓዊ መደባት ኣብ ኣስመራ ከምዝካየድ፣ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዞባ ድማ ተመሳሳሊ መደባት ተሰሪዑ ከምዘሎ’ውን ኣረዲኡ።

በዚ መሰረት፡ ንሓደ ሰሙን ንህዝቢ ክፉት ኮይኑ ዝቐኒ ስእላውን ንዋታውን ምርኢት፡ ብ17 መስከረም ኣብ ኣዳራሽ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ክኽፈት’ዩ።

ብዘይካ’ዚ፡ 18 መስከረም - 13 ንኡሳን ዞባታት ዝሳተፍኦ ባህላዊ ካርኒቫል ዘጠቓልል ኮንሰርት ኣብ ቀንዲ ጐደናታት ኣስመራ፣ 19 መስከረም ድማ ኣብ ተራ ሓድግታት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ኣብ ምኹስኳስ ሃገራውነትን ትምህርቲ ኣብ ህንጸት ሃገርን ብዝብል ኣርእስታት፡ ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ሰሚናራት ከምዝካየድን ኣብ ሲነማ ሮማ ባህላዊ መደብ ከምዝቐርብን ተፈሊጡ’ሎ።

20 መስከረም ድማ፡ ኣብ ሆቴል ኣስመራ ፓላስ ሲምፖዝዩምን መዕጸዊ መደባትን ከምዝካየድ፡ ኣምባሳደር



ዘመደ ተኽለ ሓቢሩ።

ጽንብል ዝኽሪ መበል 50 ዓመት ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ፡ ኣብ ካናዳን ሽወደንን ዝርከባአን ሃገራት ኣቐዲሙ ከምእተጸንበለ ዝፍለጥ’ዩ።

# ኣብ ስዊዘርላንድን ኦስትሪያን፡ ኣብ ህልው ኩነታት ዘተኰረ ሰሚናራት ተኻዪዱ

ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣብ ስዊዘርላንድ ከምኡ’ውን ጠቕላሊ ቈንስል ኣብ ፍራንክፈርት - ጀርመን፡ ካብ 16 ክሳብ 23 ነሓሰ ኣብ ስዊዘርላንድን ኦስትሪያን ኣብ ህልው ኩነታት ዘተኰረ ሰሚናራት ኣካዪዶም።










ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣብ ስዊዘርላንድ ኣቶ እስማዒል መሓመድ-ኑር ኣብ ዞባታት ዙግ፡ ሸቪዝ፡ ሸፋውዘንን ሰንጋለንን ንዝኾብሩ ዜጋታት ኣብ ዝሃቦ ሰሚናር፡ መንግስቲ ኤርትራ ማዕረ-ማዕረ መደባት ሃገራዊ ድሕነት፡ መትከላት ማሕበራዊ ፍትሒ ኣብ ባይታ ንምትርጓም፡ ንዘላቒ ልምዓትን ምምሕያሽ መነባብሮ ህዝብን ደሰርሕ ከምዘሎ ገሊጹ።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ሓድነቱን መሳርዑን ሳላ ዘጽንዐ ኣብ ዝበረኸን ዘተኣማምንን ደረጃ ከምዝርከብ ብምጥቃስ ድማ፡ ኤርትራውያን ነበርቲ ስዊዘርላንድ ንቕሓቶም ኣበርኾም ኣብ ኩሉ ሃገራዊ መደባት ኣበርክቶኦም ከዕዝዙ ተላብዩ።

ኣቦ-መንበር ሃገራዊ ሸማግለ ስዊዘርላንድ ኣቶ ምሕረተኣብ ማልክ ብግደኡ፡ ህዝቢ ውዳበታቱ ኣደልዲሉ ኣብ ምእላይን ምኹስኳስን መንእሰያትን ቈልዑን ኣበርቲዑ ክኾጥፍ፣ ብፍላይ ኣብ ምስፋሕ ኣብያተ-ትምህርቲ ቋንቋ ኣደ ዝካየድ ዘሎ ንጥፈታት ድማ ክዓቢ ተላብዩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ኣብ ወጻኢ ንዝምህራ ኣብያተ-ትምህርቲ ዘገልግል ካሪክለም ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ክዳሎ፣ ንሓለፍቲ ውዳበታት ቀጻልነት ዘለዎ ስልጠና ክወሃብ፣ ንመንእሰያትን ቈልዑን ዘሳትፍ ዑደት ኣብ ውሽጢ ሃገር ብቐጻልነት ክውደብ፣ ዝብልን ካልእን ርእይቶታት ሂቦም።

እዚ ከም’ዚ’ሉ እንከሎ፡ ጠቕላሊ ቈንስል ኣብ ፍራንክፈርት - ጀርመን ኣቶ ክብረኣብ ተኸስተን ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣብ ጀርመን ኣቶ ጠዓመ ሃይለ፡ ንኤርትራውያን ነበርቲ ቬና - ኦስትሪያ፡ ኣብ ህልው ኩነታት ሃገር ብመንጽር ዞባዊ ኩነታትን ዓለማዊ ምዕባለታትን፡ ከምኡ’ውን ኣገዳስነት ምሕያል ውዳበታትን መድረኻዊ ተልእኾታትን ሰፊሕ መግለጺ ሂቦም።

ብዘይካ’ዚ፡ ጽፉፍን ስሉጥን ቈንስላዊ ኣገልግሎት ንምርግጋጽ ብዛዕባ ዝካየድ ዘሎ ጻዕርን ገሊጋሱን ተገሊጹ።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

# ጥንቃቐ ነፍሰ-ጾር ምስ ምቕያየር ክሊማ



ነፍሰጾር ምዃን ተኣፋፊ ወቕቲ ናይ ህይወትና እዩ። ኣብ ከባቢና ዝፍጠር ንእሽቶ ለውጢ ክሊማ ግቡእ ጥንቃቐ ምስ ዘይግበር ከቢድ ጥዕናዊ ጸገም ከስዕበልና ይኽእል እዩ። ኣብ ኩነታት ኣየር ዝፍጠር ካብ ልዑል መቐት ጀሚርካ ክሳብ ክቱር ዛሕሊ፡ ብርቱዕ ዝናብ ኢልካ ክሳብ ጸቕጢ ኣየር ወዘተ ዘሎ ምቕያያር፡ ኣብ ጥዕና ናይታ ኣደን እቲ ኣብ ማህጸና ዘሎ ዕሸልን ሃሰያ ከውርድ ይኽእል እዩ።

## ብኸመይ ምቕያየር ክሊማ ኣብ ነፍሰ-ጾር ጽልዋ ዝህልዎ፧

ሃንደበት ዝርአ ምቕያየር ክሊማ ንሰብነትና ብሓያሎ መልክዑ እዩ ዝጸልዎ። ሓንቲ ኻልኣስተይቲ፡ ነፍሰጾር ኣብ እተኻልኡ እዋን ሕማም ዝከላኸል ስርዓትን መቐት ኣካላት ዝቆጻጸር መካኒዝም ሰብነትን ኣብ ንጥፈታቶም ዝተፈልየ ለውጥታት እዩ ዘምጽኡ። በዚ፡ እታ ኻልኣስተይቲ ብዘኾነ ምቕያየር ክሊማ፡ ሰብነታ ተነቃፊ ይኸውን።

## መቐትን ንቕጸት-ሰብነትን

ልዑል መቐት ብዙሕ ከም እትርህጽ ስለ ዝገብር ንድርቀት የቃልዕካ እዩ። ከም ሳዕቤኑ ድኻምን ምስልካይን ዝኣመሰለ ምልክት ይፈጥር። ነፍሰጾር ንልዑል መቐት ዝያዳ ተኣፋፊት እያ። ብልዑል መቐት ዝተጠቕዐት ነፍሰጾር ጸርወርው ምባል ወይ ትሑት ጸቕጢ ደም ዝኣመሰሉ ምልክታት እያ ተርኢ።

## ዝሑል ኩነታት ኣየርን ሕማም ናይ ምጸዋር ዓቕምን

ዝሑል ክሊማ ንስርዓት ምክልኻል ሕማም ሰብነት ስለ ዘናኽዮ፡ ከም ጉንፋዕን ሰዓልን ንዝኣመሰሉ ረኽሲታት ዝያዳ ከም እንጥቃዕ ይገብር። እዚ ዓይነት ጥዕናዊ ጸገም'ዚ ኣብ ነፍሰጾር ብፍላይ ጊዜ እዩ ዝርአ። ብግቡእ ክትከላኸሎ ምስ ዘይትኽእል ከቢድ ጥዕናዊ ሃሰያ ከውርደላ ይኽእል።

## ረሀድን ኩነታት ቆርበትን

ልዑል ረሀዪ (humidity) ነድሪ ቆርበት፡ ሰሓ፡ ዕንፋሮርን ረኽሲ ፋንጋስን የስዕብ እዩ። እዚ ኣብ ነፍሰጾራት ጊዜ ዝርአ ጸገም እዩ።

## ብከላ ኣየር

ምስ ምቕያየር ክሊማ ዝርአ ብከላ ኣብ ኣየር፡ ኣብ ስርዓት እስትንፋስ ዝህልዎ ከቢድ ጽልዋ ብቐሊሉ ዝርአ ኣይኮነን። ነፍሰጾር፡ ኣብ ግዜ ጥንሳ እኹል ጽሩይ ኣየር ክትረክብ ምስ ዘይትኽእል፡ ግቡእ ደረጃ ዕበየት ኣእምሮ ዘለዎ ህጻን ናይ ምግላጋል ዓቕማ ዝተሓተ እዩ ዝኸውን።

## ምስ ምቕያየር ክሊማ ኣብ ነፍሰጾር ዝርአ ሓልኽታት

ምቕያየር ክሊማ ኣብ ጥዕና ወዲ ሰብ ዝህልዎ ኣሉታዊ ጽልዋ ቀሊል ኣይኮነን። እቲ ጽልዋ፡ ንኣእምሮኣዊ ጥዕና ሓዊሱ፡ ጽሩይ ከባብያዊ ኣየር ምህላው፡ ጽሬቱ ዝሓለወ መኣዝዊ መግብን ዝስተ ማይን ምርካብ ዘጠቓልል እዩ።

ኣብ ገለ ኢጋጥሚ፡ ዝኾነ ሰብ ብምቕያየር ክሊማ ጥዕንኡ ክጽሎ ይኽእል እዩ። እቲ ዝፍጠር ክሊማዊ ምቕያየር፡ ንገለኦም ኣብ ጥዕንኦም ከቢድ ሃሰያ ከውርደሎም ይኽእል። እቲ ሃሰያ፡ ብዕድመ፡ እቲ ሰብ ብዘለዎ ደረጃ ጥዕና፡ ቁጠባ ወዘተ ክብደቱ ዝተፈላለየ ይኸውን።

ምቕያየር ክሊማ፡ ኣብ መንጎ ጾታ፡ ካብኡ ሓሊፉ ኣብ መንጎ ነፍሰጾራት ዘውርዶ ጥዕናዊ ሃሰያ'ውን ዝተፈላለየ እዩ።


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጳ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም　　ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ　　ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጳ. 1284


መብዝሕትኡን ደቂ ኣንስትዮ ናይ ጥንሲ ግዜኣን ምስ ምሉእ ጥዕና እየን ዘሕልፍኦ። ጥዕና ዘለዎ ዕሸል ይጎላገላ። ይኹን'ምበር፡ ክሊማዊ ምቕያየር፡ ኣብ ከባብያዊ ጥዕና ጉድኣት ስለ ዝህልዎ፡ ንጥዕና ነፍሰጾር ፈታኒ እዩ ዝኸውን። ከም ሳዕቤኑ ኣብ'ታ ነፍሰጾር ሓያሎ ሓልኽታት ይፍጠር። ገለ ካብኡ፦

- ትሑት ንብር ክብደት ዘለዎ ህጻን ምግላጋል፡
- መዓልቱ ዘይኣኸለ ዕሸል ምግላጋል። ቅድሚ 37 ሰሙንታት ግዜ ጥንሲ ዝውለድ ዕሸል መዓልቱ ዘይኣኸለ ዕሸል እዩ ዝቑጸር።

ምውሳኽ መቐትን ጸቕጢ ኣየርን ንባዕሉ፡ ኣብ ደረጃ መሬት ናይ 'ኦዞን' መጠን ከም ዝቑወም ይገብር። ጣቓን ግመን ኣብ ክሊማ ብሰንኪ ዝርአ ምቕያየራት እዩ ዝፍጠር። እዚ ንዓይነት ናይቲ እነስተንፍሶ ኣየር ዝሓመቐ ይገብሮ - ኣየር ይብከል።

ንብከላ ኣየር ዝተቓልዐት ነፍሰጾር፡ ኣብ ንቡር እስትንፋስ ጸገማት ስለ ዝፈጥረላ፡ እቲ ኣብ ማህጸን ዝርከብ ዕሸል ግቡእ መግብን ኣየርን ክረክብ ኣይክእልን። እዚ፡ ትሑት ንቡር ሚዛን ወይ ትሑት መዓልቱ ዕሸል ክትገላግል ካብ ዝገብሩ ጠንቅታት ሓደ እዩ።

## ልሙዳት ምልክታት

ሓንቲ ነፍሰጾር፡ ሃንደበት ኪጋጥም ንዘኽእል ምቕያየር ክሊማ ኣብ ጥዕናኣ ሃሰያ ከየውርድ ንምክትታል፡ ነዞም ዝስዕቡ ምክልታት ከተስተብህለሎም ይግባእ።

- ምሕር ድኻምን ጸርወርው ምባልን፡
- ሕበጥ እግርን ኣእዳውን፡
- ተደጋጋሚ ምሕማም ርእሲ፡
- ጸገም እስትንፋስ፡
- ሰሓን ረኽስን ቆርበት ወዘተ።

## ምስ ምቕያየር ክሊማ ክትገብሮ ዝግባእ ጥንቃቐ

ፈለማ እታ ነፍሰጾር ግቡእ ዝኾነ ቅድመ-ጥንቃቐ ክትገብር እዩ ዝምከር።

ኣካላታ ምጥላል፦ እኹል ማይ ክትሰቲ ይግባእ፡ መቐት ኣብ ዝለዝሉ ወቕቲ፡

ምቹእ ክዳን ምልባስ፦ ኣብ ግዜ ዛሕሊ መቐት ንምፍጣር ብዝግባእ ክዳን ክትድርብ፡ ኣብ ግዜ መቐት ድማ ፍኹስ ዝበለ ክዳን ክትወዲ ይግባእ። ኣብዚ ሃንደበት ክመጽእ ብዝኽእል ምቕያየር ክሊማ ከይትጥቃዕ ግቡእ ጥንቃቐ ክትገብር ኣለዋ።

ግቡእ ጽሬት ምሕላው፦ ረሀዪ ኣብ ቆርበት ክፍጠር ንዝኽእል ረኽሲ የጋድዶ እዩ። ኣብ ከምዚ ኩነት እታ ነፍሰጾር ግቡእ ዝኾነ ክንክን ጽሬት ክትሕሉ ይግባእ።

ሓንቲ ኻልኣስተይቲ ነፍሰጾር ምዃና ምስ እተረጋገጸ ጥዕናኣን ጥዕና ናይቲ ኣብ ከብዳ ዘሎ ዕሸልን ንምውሓስ ሓፈሻዊ ክትገብሮ ዝግባእ ክንክን ሓያሎ እዩ። ገለ ካብኡ ንምጥቃስ፦

## እኹል ቫይታሚን 'ዲ'ን 'ፎሊክ ኣሲድ'ን ምውሳድ

'ፎሊክ ኣሲድ' (Folic acid)፡ ቫይታሚን 'ቢ' ምዃኑ እዩ፡ ኣብ ማህጸን ዘሎ ዕሸል ኣብ መትናዊ ሻምብቆታት ጸገማት ከየጋዕብል ዝሕግዝ መኣዚ እዩ። እዚ መኣዝዚ ናይ ምጥናስ መደብ ካብ ዝህልወኪ እዋን ኣትሒዝኪ ብግቡእ ዓቐኑ ክትወስድዮ ተመሪጹ እዩ። ጥንሲ ኣብ ዝሓዝክሉ እዋን ክትጅምርዮ ከም እትኽሊ'ውን ክኢላታት ይገልጹ እዮም። እቲ ጥንሲ ክሳብ 12 ሰሙንታት ዝቑጸር ክወሰድ ይከኣል።

ቫይታሚን 'ዲ' (Vitamin D)፡ እቲ ዕሸል ተሪርን ጥዕና ዘለዎን ኣዕጽምቲ፡ ኣስናን ከምኡ'ውን ጭዋዳ ከማዕብል ይሕግዞ። መጠን 'ካልሸየም' ከምኡ'ውን 'ፎስፈይትን' ኣብቲ ዕሸል የመዓራርዮ። ቫታሚን 'ዲ' ብመልክዕ መተካእታ ከኒናታት ይዳሎ እዩ። እታ ነፍሰጾር ዋሕዲ ናይዚ መኣዝዚ ከም ዘለዋ ምስ እትግንዘብ፡ ናብ ሓኪም ብምኻድ ክትወስዶ ይከኣል እዩ።

- ቆርበት ሰብነታ ምስ ዝፍሕሽ፡ ምስ ዝደርቕን ከምኡ'ውን፡

- ብዙሕ ግዜ ኣብ ገዛ ተዓቢጣ ብምውዓል፡ እኹል ጸሓይ ብርሃን ትረክብ ከም ዘይኮነት ምስ እትግንዘብ፡ ዋሕዲ ቫይታሚን 'ዲ' ከይህልዋ ናብ ሓኪም ብምኻድ ዘድሊ ምኽሪ ክትረክብ ትኽእል እያ።

## ነፍሰጾር ንጥፍቲ ክትከውን ይግባእ

ነፍሰጾር ኮይና ተረዲኣ ትውዕል እንተኾይና ንጥዕናኣን ንጥዕና ናይቲ ኣብ ከብዳ ዘሎ ዕሸልን ጸቡቕ ኣይኮነን።

ተረዲኦን ዝውዕላ ነፍሰጾራት ልዕሊ ንቡር ክብደት ሰብነት ከማዕብላ ዘለወን ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ። ብሕማም ሸኮር፡ ሕጽረት እስትንፋስ፡ ቃንዛ ዓንዲ ሕቖን ዝርዝርታ ደምን ክጥቅዓ ይኽእላ እየን።

ምውሰዋስ ኣካላት ናይ ምኪያድ ልምዲ ዘለኪ ምስ እትኾኒ ድሕሪ ጥንሲ'ውን ኑቲ ምውሰዋስ ከተካይድዮ ይግባእ። ንውሓትን ክብደትን ናይቲ ተካይድዮ ምውሰዋስ ኣካላት ምስ ሓኪምኪ ተመያይጥኪ ክትልክዕዮ ከም ዘለኪ ግና ኣስተ-ብህሊ።

ምውሰዋስ ኣካላት ናይ ምኪያድ ልምዲ ዘይብልኪ ምስ እትኾኒ፡ ምውሰዋስ ኣካላት ኣብ ዘካይዳ ክለባት ክትኣትዊ ዘድሊ'ኺ እንተዘይኮነ፡ ንጥፍቲ ክትኮኒ ከም ዘለኪ ግና ኣይትዘንግዒ። ምስ ዓቕምኺ ዝሰማማዕ ብእግሪ ምንቅስቓስ ከፍ ኢልካ ኣእዳውካን ኣእጋርካን ምንቅስቓስ ዝኣመሰሉ ምውሰዋስ ኣካላት ከተካይዲ ትኽእሊ።

ነፍሰጾር ኣብ ሰሙን ኣርባዕተ ሳዕ ን30 ደቓይቕ ዝጸንሕ ፍኹስ ዝበለ ምውሰዋስ ኣካላት ከተካይድ ይግባእ።

## ኣብ እትወስድዮም መግብታት ኣደህቦ ምግባር

ገለ መግብታት ብቐሊሉ ስለ ዝበላሸዉ ረኽሲታት ክፈጥሩ ይኽእሉ እዮም። እዞም መግብታት 'ቶክሶፕላስሞሲስ' (toxoplasmosis) ይበሃሉ። ገለኦም ከም 'ሳልሞኔላ' (salmonella) ዝኣመሰሉ ጀርምታት ንመግቢ ብምምራዝ ከቢድ ጥዕናዊ ጸገማት ከስዕቡ ይኽእሉ እዮም። ገለ መግብታት'ውን ልዑል ትሕዝቶ ቫይታሚን 'ኤ'ን 'ሜርኩሪ'ን ስለ ዘለዎም ንደረጃ ዕቤት ናይቲ ዕሸል ይዛብዑ እዮም።

## ምንቅስቓስ ናይቲ ዕሸል ምክትታል

ምንቅስቓስ ዕሸል እቲ ቀንዲ መሐበሪ ኩነታት ጥንሲን ዕሸልን እዩ። ነፍሰጾር፡ ካብ 24 ሰሙንታት ንደሓር ዘሎ ግዜ ጥንሲ ኣትሒዛ ንምንቅስቓስ ናይቲ ዕሸል ብግቡእ ክተድህበሉ ይግባእ። ምንቅስቓስ ናይቲ ዕሸል ምስ ዝጎድላ ናብ ሕክምና ብምኻድ ግቡእ መርመራ ክትገብር ኣለዋ።

ግቡእ ቆላሕታ ኣብ ኣገባብ ኣደቃቕሳ

ነፍሰጾር ብፍላይ ድሕሪ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ግዜ ጥንሲ፡ ኣብ ኣገባብ ኣደቃቕሳ ግቡእ ኣደህቦ ክትገብር ኣለዋ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ብሕቖኣ ምድቃስ ምስ እተዘውትር፡ ዝሞት ናጻላ ክትወልድ ዘለዋ ተኽእሎ ብዕጽፊ ከም ዝዛይድ መጽናዕትታት የመልክቱ። ነፍሰጾር ብጎኒ ክትድቅስ ከም ዘለዋ እዩ ዝምከር።

## ዘይንቡር ምልክታት ክጋጥማ ግቡእ ቆላሕታ ምግባር

ነፍሰጾር ኣብ ግዜኣ ናብ ሕክምና ብምኻድ ግቡእ መርመራ ምስ እትገብር፡ ኪጋጥማ ዝኽእል ጥዕናዊ ጸገማት ንምክትታል ኣጺጋሚ ኣይኮነን። ንጥዕናኣን ጥዕና ናይቲ ኣብ ከብዳ ዘሎ ዕሸልን ንምሕላው፡ ብዓላ ኣብ ገዛኣ ትገብሮ ምክትታል ከም ዘሎ'ውን ከተስተ-ብህል ይግባእ። እዞም ዝስዕቡ ምልክታት፡ እቲ ዕሸል ጸቡቕ ከም ዘየለ ዝሕብሩ እዮም።

- ምፍሳስ ደም ኣብ ርሕሚ፡
- ቃንዛ ኣብ ግዜ ሽንቲ፡
- ሃንደበት ዝመጽእ ቀጻሊ ቃንዛ ከስዐ፡
- ዘይግደፍ ከቢድ ሕማም ርእሲ፡
- ተደጋጋሚ ረሃጽ ኣብ ገጽ፡ ኢደን እግርን፡
- ሕውዝውዝ ምባል፡
- ተደጋጋሚ ሳሓ ኣብ ኢደን እግርን፡
- ምዝሓል ወይ ምጉዳል ምንቅስቓስ ዕሸል ወዘተ።

ምንጪ፦ momstory

# ትንታነ ዜና

ሚርያም ኣብርሃም

## ንግዳዊ ኩናት ኣመሪካን ካናዳን




ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ደጊሙ ናብ ኮረሻ ስልጣን ካብ ዝምለስ ንደሓር፡ ንግዳዊ ዝምድና ካናዳን ኣመሪካን እናሻሕከረ እዩ ክመጽእ ተራእዩ። ቀንዲ ምኽንያት ናይዚ ከኣ፡ እቲ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ እታው ንግዳዊ ፍርያት ካናዳ ዝሰልዓቶ ወሰኽ ቀረጽ እዩ ነይሩ። ከም ዝፍለጥ፡ ቅድሚ ሓደ ዓመት፡ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ እታው ንግዳዊ ኣቕሑ ካናዳ ናይ 15 ሚእታዊት ወሰኽ ቀረጽ ገይራ ነይራ እያ። ሕጂ ድማ ከም መቐጸልታ ናይቲ ስጉምቲ፡ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ ልዕሊ'ተን ካብ ካናዳ ብመልክዕ ሰደድ ዝኣትዋ መካይንን ሓጺንን ናይ 50 ሚእታዊት ወሰኽ ቀረጽ ኣዊጁ ኣሎ። ብሰንኪ'ዚ ካብ ዝመጽእ ጥሪ 2027 ጀሚሩ ተግባራዊ ከም ዝኸውን ዝነገረሉ ዘሎ ልዑል መጠን ወሰኽ ቀረጽ፡ ጃምላ ሃገራዊ እቶት (GDP) ካናዳ ብገለ ሚእታዊት ክንኪ ከም ዝኽእል'ዩ ግምታት ዝወሃብ ዘሎ። በዚ ከኣ ሓያሎ ሰብ ስልጣን ካናዳ፡ ንውሳነ ፕረዚደንት ትራምፕ ብትሪ ክኹንንዎ ይሰምዑ ኣለው።


ኣመሪካን ካናዳን ብጉዳይ ክልተኣዊ ንግዳዊ ዝምድናኦን ኣመልኪተን ኣብ ዝሓለፈ ሰሙናት ኣትሒዘን ክዘራረባ ጸኒሐን እየን። ይኹን'ምበር፡ እቲ ክቕየድ ዝጸንሐ ዝርርባት ብዘይ ዝኾነ ፍረ'ዩ ዝሓለፈ ዓርቢ ተዛዚሙ። ብድሕሪ'ዚ እዩ ከኣ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ኣብ ልዕሊ እታው ንግዳዊ ፍርያት ካናዳ ሓድሽ ወሰኽ ቀረጽ ክእውጅ ዝተሰምዐ። ካብ ሓፈሻዊ ሰደድ ንግዳዊ ኣቑሑ ካናዳ እቲ 70 ሚእታዊት ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ እዩ ዝለኣኽ። እዚ ማለት፡ ኣመሪካ እታ ቀዳመይቲ ዓዳጊት ናይቲ ካብ ካናዳ ዝለኣኽ ዝተፈላለየ ንግዳዊ ፍርያት እያ። ካናዳ ብዘይካ'ዚ፡ እታ ቀዳመይቲ ንግዳዊ ዓሚል ናይ 26 ክፍላተ-ሃገራት ኣመሪካ ምኳና'ውን ይንገረላ። ዝጠዘሐ ኣቡቲ ናብ ከም ብዓል ሚሺጋን ማይንን ዊስኮንሲንን ዝኣመሰላ ዓበይቲ ክፍላተ-ሃገራት ኣመሪካ ዝኣቱ ንግዳዊ ኣቑሑ ካብ ካናዳ እዩ ዝመጽእ። በዚ እዩም ከኣ መራሕቲ ካናዳ፡ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ንውሳነኡ ዳግመ ግምት ክገብረሉ ዝጽውዑ ዘለው። ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ሓሳቡ ምስ ዘይቕይር ግን፡ ካናዳ'ውን ብወገና ሰፍ ዘይብል ግብረ-መልሲ ኣንጻር ንግዳዊ ሰደድ ኣመሪካ ክትህብ ምኻና'ያ ተጠንቀቕ ዘላ። ድሮ'ውን ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ልዕሊ እታው 20 ቢልዮን ዶላር ዝዋግኦም ንግዳዊ ፍርያት ኣመሪካ፡ ናይ 50 ሚእታዊት ወሰኽ ቀረጽ ኣዊጃ ኣላ። እዚ ኣብ ልዕሊ ዝተፈላለየ ፈርኒቸራት፡ ክዳውንቲ፡ ኣቻዩ፡ ዓሳን ካልእ ኣቕሑን ናይ ኣመሪካ ተኣዊጁ ዘሎ ወሰኽ ቀረጽ፡ ኣብኡ ጠጠው ከም ዘይብል'ውን ሰብ ስልጣን ካናዳ ወሲኾም የጠንቀቑ ኣለው። እዚ ካናዳ ስትራተጂያውን ተመጣጣኒን ዝበሎቶ ወሰኽ ቀረጽ፡ ካብ ዝመጽእ 8 መስከረም ጀሚሩ ተግባራዊ ከም ዝኸውን ኣፍሊጣ ኣላ። ኣብ ካናዳ ብሰንኪ'ቲ ኣመሪካ ዝኣወጀቶ ወሰኽ ቀረጽ ብዘስዓቦ ቅልውላው፡ ኣብ 2026 ጥራሕ ልዕሊ 100 ሽሕ ሰራሕተኛታት ካብ ስራሕ ወጻኢ ኮይኖም ኣለው። በዚ ከኣ፡ መጠን ሸቐለት ኣልቦነት ኣብታ ሃገር ናብ 6.4 ሚእታዊት ክብ ኢሉ ይርከብ። እዚ ኣሃዝ እዚ ድማ፡ ካናዳ ንፈረንሳ ተኺቲላ ካብ ሃገራት ጉጅለ-7 እታ ካልኣይቲ ብልዑል መጠን ሸቐለት ኣልቦነት ትሳቐ ዘላ ሃገር ኮይና ትርከብ። ብተወሳኺ፡ እዚ ኣብ ካናዳ ተመዝጊቡ ዘሎ ልዑል መጠን ሸቐለት ኣልቦነት፡ ንዜጋታት ናይታ ሃገር ኣዝዩ ኣተሓሳሲቢ ኮይኑ ምህላዉ እዮም ክኢላታት ስነ-ቁጠባ ዝገልጹ ዘለው። ትራምፕ ዝሓለፈ ዓመት ናብ ስልጣኑ ድሕሪ ምምላሱ፡ ኣብ ልዕሊ ካናዳ ናብ ኣመሪካ እትልእኾን መካይን፡ ሓጺንን ኣለሚንዮምን ዝጠቓለለ ወሰንቲ ናይ ሰደድ ንግዳዊ ፍርያታ ልዑል መጠን ቀረጽ ብምንባሩ፡ ኣሽሓት ዜጋታታ ስራሕ ንኽስእኑ ምኽንያት ኮይኑ እዩ።

ሕጂ'ውን፡ እዚ ዝሓለፈ ሰሙን ዝተኣወጀ ወሰኽ ቀረጽ፡ ኣብ ልዕሊ ሓያሎ ነጋዶን ንግዳውያን ትካላትን ኣሉታዊ ጽልዋ ከስዕብ ከም ዝኽእል እዩ ግምታት ዝወሃብ ዘሎ። በዚ ከኣ፡ መንግስቲ ካናዳ ኑቶም በዚ ወሰኽ ቀረጽ ዝተጸልዉ ትካላትን ሰራሕተኛታትን፡ 7.5 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ተወሳኺ ናይ ሓገዝ መደብ ገይሩሎም ከም ዘሎ እዩ ዝሕብር ዘሎ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ካናዳ ማርክ ካርኒ፡ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ንግዳዊ ፍርያት ሃገሩ ወሰኽ ቀረጽ ምእዋጁ እንተ ቀጺላቶ፡ ካናዳ ናብ ኣመሪካ እትገብሮ ሰደድ ሓይሊ ኤለትሪክን ካልኦት ኣገደስቲ ማዕድናትን ደው ከም እትብሎ የጠንቀቐ ኣሎ።

በዚ መሰረት፡ ካናዳ ኣብ ልዕሊ ኣመሪካ ጸቕጢ ንምፍጣር ክትወስዶም እትኽእል ስጉምትታት፡ ምቁራጽ ሰደድ ኣገደስቲ ማዕድናትን ጸዓትን እዩ። ካናዳ ኣመሪካ ኣንጻራ ጀሚራቶ ዘላ ንግዳዊ ኩናት ደው እንተ ዘይኣቢላቶ፡ ናብታ ሃገር ክትልእኾም ዝጸንሐት ከም ሊትዩም፡ ኒከልን ግራፋይትን ዝኣመሰሉ ኣገደስቲ ማዕድናት ደው ከተብሎም ትኽእል እያ። ብተወሳኺ፡ ንግዳዊ ዝምድናኦን ብኸምዚ ዘለዎ እንተ ቀጺሉ፡ እቲ ናብ ኣመሪካ ዝለኣኽ ካብ ሓፈሻዊ ሰደድ ዘይተጻረየ ነዳዲ ካናዳ 60 ሚእታዊት ዝግመት ነዳዲ'ውን ከተቋርጾ ትኽእል እያ። ብሰንኪ'ዚ ስጉምቲ እዚ ኣብ ልዕሊ 1.5 ሚልዮን ኣባይቲ ኣመሪካ ክስዕብ ናይ ዝኽእል ምቁራጽ ሓይሊ ኤለትሪክ ድማ፡ ኣመሪካ ባዕላ ተሓታቲት ከም እትኸውን እዩ ካርኒ ዘጠንቀቐ ዘሎ። ብደረጃ ዓለም ብሰደድ ማዕድን ፖታሽ ካናዳ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ እያ ትስራዕ። እዚ ኣብ ምምስራሕ ዘመናዊ ድኹዒ ዓቢ ተራ ዝጻወት ማዕድን፡ ካብ ካናዳ እዩ ናብ ኣመሪካ ዝለኣኽ። በዚ ከኣ ካናዳ ሰደድ ናይዚ ማዕድን እዚ'ውን ጠቕሊላ ደው እንተ ደኣ ኣቢላቶ፡ ኣብ ልዕሊ ንግዳዊ ምህርቲ ኣመሪካ ሰፍ ዘይብል ዕንወት ክወርድ ይኽእል እዩ ማለት እዩ።

ካናዳ ተወሳኺ፡ ፍርያት ኣመሪካ ዝኾነ ኣልኮላዊ መስተታት'ውን ናብ ዕዳጋታታ ከይኣቱ ምሉእ ብምሉእ ክትክልክሎ ትኽእል እያ። ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ኣብ ልዕሊ እታው ንግዳዊ ኣቕሑ ካናዳ ኣብ ቀዳማይ እብረ ብዘኣወጀቶ ናይ 15 ሚእታዊት ወሰኽ ቀረጽ፡ ሙብዛሕትኦን ክተማታት ካናዳ ንኣልኮላዊ መስተታት ኣመሪካ ካብ ኩበሕታተን ኣልየንኦ እየን። በዚ ከኣ፡ እቲ ኢንዳስትሪ ኣብ ዝሓለፉ 10ታት ዓመታት ገጢሙዎ ዘይፈልጥ ክሳራታት ክወርዶ፡ መጠን ሰደድ ፍርያቱ ድማ ብቕጽበት ከንቆልቁልን እዩ ተራእዩ። ንኣብነት፡ መጠን ሰደድ ሓደ ካብ'ቶም ልዑል ተጠላቡት ዘለዎም ኣልኮላዊ መስተታት ዝኾነ 'ኣመሪካን ዋይን' ናብ ካናዳ ኣብዚ ዓመት ብ78 ሚእታዊት ኣኺዩ ኣሎ። እዚ ከኣ፡ ኑቲ ኩባንያ ናይ ኣሰታት 357 ሚልዮን ዶላር ክሳራ ኣስዒቡሉ ኣሎ። ብተወሳኺ፡ 11 ካብ'ተን 13 ኣውራጃታት ካናዳ፡ ፍርያት ኣመሪካ ዝኾነ ስፕራይት ዝዓይነቱ ልስሉስ መስተ'ውን ናብኦን ከይኣቱ ስለ ዝኸልከላ፡ በዚ ምኽንያት ሰደድ ስፕራይት ኣመሪካ ናብ ካናዳ ብ70 ሚእታዊት ክጎድል ክኢሉ ኣሎ። ስለዚ ካናዳ ኣብ ልዕሊ ፍርያት ኣመሪካ ዝኾኑ ኣልኮላዊ መስተታት እትእውጆ ወሰኽ ቀረጽ ይኹን እትወስዶ ሰደድ ኣገደስቲ ፍርያት ደው ናይ ምባል ስጉምቲ፡ ኑተን ኢንዱስትሪታት ናይ ኣመሪካ ሰፍ ዘይብል ክሳራታት ከውርደለን ይኽእል እዩ - ብመሰረት ክኢላታት ስነ ቁጠባ። እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ብሰንኪ'ዚ ኣብ መንጎ ክልተኤን ሃገራት ተፈጢሩ ዘሎ ንግዳዊ ኩናት፡ ዜጋታት ካናዳ ናብ ኣመሪካ ዝኻይድዎ ምብጻሕ እናነከየ ይመጽእ ኣሎ። ኣብዚ ዓመት'ዚ ናብ ኣመሪካ ዝበጽሑ ቁጽሪ ካናዳውያን፡ ምስ ተመሳሳሊ እዋን ናይ 2024 ክነጻጸር እንከሎ፡ ብ800 ሽሕ ኣኺዩ ኣሎ። እዚ ከኣ፡ ድሮ ኣብ ልዕሊ ሓፈሻዊ ቁጠባዊ እቶት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ናይ ኣስታት 2.35 ቢልዮን ዶላር ክሳራታት ኣስዒቡ ኣሎ - ብመሰረት እቶም ክኢላታት።




## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:05 | ዓለም ስነ ጥበብ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:45 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ሃገራዊ ዋዕላ ሚ/ሪ ሕርሻ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ድራማ |
| 14:00 | ሄሎ ድባይዋ |
| 15:30 | ዶክመንት |
| 16:15 | ሞዛይክ 1ይ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ሞዛይክ 2ይ |
| 19:25 | ፊልም እትመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ቴራብ ቀጥታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ሳዉን 022:10 ጽባቕ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | ፊልም እንዳ ዝማም |

# ቃለ- መሕትት

ኣብርሃም ዘርኦ (ወዲ-ሃለቃ)

## “ንሻሂ ዝኸውን ገንዘብʼውን ስለ ዘይነበረና፡ ነዚ ትካልʼዚ ኣብ ጐደናታት ኳንና ኢና ተኺልናዮ” - ኣባላት ካመልስ

ስእሊ - ሄኖክ ተ/ገርግሽ

ንሎሚ ምስ ክልተ ብሓርክኮትክኮቶምን ጻዕሮምን “ካመልስ” ብዝብል ሰያመ ባህርያዊ ዘይቲ ስምስም እተፍሪ ትካል ዝመስረቱ ኣብጻታውያን መንእሰያት ከላልየኩም ኢና። መዓስን ብኸመይን እዚ ፕሮጀክት ከም ዝጀመርዎ፡ እዚ ትካል ዘለዎ ረብሓታት ኣመልኪትና ምስኦም ዝገበርናዮ ቃለ-መሕተት ይስዕብ።

**- ፈለማ ክንላለየኩም ዶ፧**

ኣነ ሳዶር ዳኒኤል እበሃል። እዚ ዓርከይ



ሳዶር ዳኒኤል

ድማ ቢንያም ክብሮም ይበሃል። ኣነ ትምህርተይ ብክሊኒካል ላብራቶሪ ሳይንስ ኣብ ኮሌጅ ጥዕና ወዲአ። ቢንያም ድማ ብምህንድስና ካብ ኮሌጅ ማይ ኑፍሒ።

**- እዚ ሓሳብ ብኸመይ ኢኹም ኣጠሪኹሞ፧**

ሳዶር - ነዚ ሎሚ ኣብ ደረጃ ዓወት በጺሕናሉ ዘለና ፕሮጀክት፡ ክልቴና ኳንና ቀድሚ ሽዱሽተ ዓመት ተመሃሮ ኮሌጅ ኣብ ዝነበርናሉ ዘጠንሰናዮ ሓሳብ እዩ። መተዓብይቲʼውን ስለዝኾንና፡ ኣብ ንራኸበሉ ግዜ “እንታይ ክንሰርሕ ኣሎና፡ ኣብ ህዝቢ እንታይ ከበርክት ንኽእል” ኢልና ወትሩ ንሓስብ ነይርና። ስለʼዚ እዚ ሎሚ በጺሕናዮ ዘለና ውጽኢት ናይ ብዙሕ ወረድ ደይብ ሓሳብ እዩ። ኣብ ከምዚ ተራኺብና ኣብ ነዕለሉ ዘለና ህሞት ዝተረኸብናን ዝቕለን እዩ። ብዙሕ ነገራትʼኳ እንተሓሰብና፡ ፈለማ ኣብ ርእስና ዝመጽኣ ግን ብዛዕባ ዘይቲ ስምስም እዩ። ሓደ ቢዝነስ ፕላን ድማ ኣዳሊና። ብዛዕባ ደቂቕ ማስርሕን ኣሰራርሓኡን ኣፍልጦ ኣይነበረናን። ከም ቢዝነስ ፕላን ግን መጽናዕትታት ኣካይድና ጽሒፍና ኣዳሊናዮ። ናብ ዞባ ጋሽ ባርካ ብምንቅስቓስ ድማ እቲ ባህላውን ዘመናውን ኣሰራርሓ ከመይ ከም ዝኸውን መጽናዕቲ ኣካይድና። ኣብ መወዳእታ ድማ ነቲ ስራሕ ብዮዙብሪ ኣብ ጋሽ ባርካ ከይድና ክንሰርሖን ክንመሃሮን እዩ ነይሩ እቲ ሓሳብና እቲ ዕላማና። ካብ ኣስመራ ተጓዒዝና ናብ ተኾምብያ ን/ዞባ ላዕላይ ጋሽ ከይድና ድማ ነቲ ስራሕ ‘ሀ’ ኢልና ጀሚርናዮ።

**- ኣበይ እዋን ዘጋጥመኩም ዝበረ ብድሆታት ክትጠቕሱልና፧**

ሳዶር - እቲ ብድሆ ኣብʼዚ ዘርዝርካ ዘውዳእ ኣይኮነን። ቀድሚ ምጅማር፡ ኣብ ምጅማር፡ ኣብ ማስርሕ ክሳብ ሕጂ ሰዓትʼውን ኣየቋረጸን ዘሎ። ድሕሪ ነዊሕ ግዜ ምስ ሓለፈ እናረሳዕናዮ ስለ ትኸይድʼዩ እምበር፡ ኣዝዩ ከቢድ እዩ። ነቲ ዝሓለፈ ረሲዕካ ድማ ነቲ ሓዲሽ እናገጠምካዮ ንቕድሚት ትኸይድ።

ቢንያም - እቲ ዝዓበየ ጸገም ብሓደ መንፈስ ተጣሚርካ ምስራሕ እዩ። እዚ ዕድል እዚ ኣለና። እዚ ከኣ ካብ ብንእሽቶና ኣዕሩኽ ስለ ዝነበርና፡ ኣብ ዝኾነ ነገራት እናተናበብና ዝመጽእና ሰባት ኢና። እዚ እዩ ድማ ነቲ ዘጋጥመና ዝበረ ብድሆታት ከቃልሎ ዝኸኣለ - እቲ ኣብ መንጎና ዘሎ ወሀደት። ዋላʼኳ ኣብ በበይኑ ኮሌጅ ንዝበር እምበር፡ ክንጽ ገንዘብ ኣብ ህይወት ህዝብና፡ “ሓደ ዓቢ ነገር ክንገብር ኣሎና” ብዝብል መንፈስ ተበጊስና። ብሓጺሩ “እንታይ ንግበር” ዝብል እዩ ነይሩ። ነዚ ነገራትʼዚ ኣብ ነዕለሉ ዝበርና ግዜ ከኣ፡ እቲ ዝዓበየ ብድሆና ዝበረ ሕቶ ካፒታል እዩ። ዋላ ንክዕልና ብዛዕባ እዚ ሓሳብ ክንመያየጥ እንኽለና፡ ኣብ እንዳ ሻሂ ኮይንና ከዕልልʼውን ንኽእል ኣይነበርናን። ዋላ ንሻሂ ዝኸውን ገንዘብ የለን። ስለʼዚ ኣብ ጐደናታት ኮፍ ኢልና ኢና “ከምዚ እንተገበርናʼሽ” እናበልና ዓርት ሳዕ ሓሳባት ነውርድን ነደይብን ነይርና። ከም ውጽኢቱ ከኣ ኣብ መወዳእታ ዛ ናይ ስምስም ፕሮጀክት ከኣሉ በቒዕና ማለት እዩ። ብበወገና “እስከ በል ከምʼዚ ንግበር” እናተበሃሃልና ድማ ናብ ተኾምብያ ብምኻድ፡ ነዚ ስራሕ ክንፍትኖ መሪጽና። ተመሃሮ ኮሌጅ ኣብ ዝነበርናሉ ኢና እዚ ኩሉ ነዕልሎ ዘለና ንገብሮ ነይርና። ኣብ ልዕሊ እቲ ናይ ርእሱማል፡ ካብʼዚ ከይደካ እቲ ቦታ ንነዕሉ ንዖና ብድሆ ምኳኑ ድማ ተገዚብና። ገና ትምህርትና ኣየጠናቐቕናን ዘለና። ኣብ ኣስመራ ዓቢኻ ሕጽረት ተመኪሮን ሌላ ከባቢታት ሃገርና ንነዕሉ ብድሆ እዩ ነይሩ ንዖና። ምስʼቲ ኣብቲ ከባቢ ዘሎ ሕብረተሰብና ክትወሃሃድ፡ ኩሉ ክትፈልጥ፡ ክትላፈንን ክትለማመድን ካብኡ ሓሊፍካ ኸኣ ከተጽንዖን ከተበርክትን ኣሎካ። ጥር ኢልካ ሓደ ነገር ክትገብር ምሕላን ዓቢ ባህጊ ጥራይ እዩ ነይሩ ክብሎካ እኽእል። እንተኾኑ እንተ ተበጊስካ ኣምላኽንʼውን ስለ ዝሕግዞ፡ እቲ ኣብ መንጎና ዝበረ ወሀደት ንኹሉ ከም ዝሰግሮ ገይሩ ማለት እዩ። እናኸድና እናመጻእና ድማ ናብʼዚ ሎሚ ትርእዩ ዘለኻ ደረጃ በጺሒና ማለት እዩ።

**- ነዚ ትካልʼዚ ክፈትኩም ኣብ ስራሕ ኣለኹም፣ እቲ ቀረብ እንተ ዘይ ሃልዩ ከምʼቲ ዝወጠንኩም ዘይክኸይደልኩም ስለ ዝኽእል፡ ብዛዕባʼዚ እንታይ ኢኹም ትገብሩ። ምናልባት ምስ ሓረስቶት ዲኹም ዝምድና ፈጢርኩም ናትኩም ሕርሻ ክትገብሩ ትሓስቡ። ኣብዚ እንትተዕልሉናʼውን ጸቡቕ ነይሩ፧**

ሳዶር - ምስʼዚ ሕቶ እዚ ተኣሳሲሩ ዝኸይድ፡ ልክዕ’ዩ ርእሱማል ክልወካ ኣለዎ። ክንበጽሕ እንኽለና ካብ መውል ኢና ተለቂሕና። ኣብ ርእሲኡ ከኣ ክሕግዙና ዝኽእሉ ኣሕዋትና፡ ንኣሽቱ ሓገዛትን ኣበርክቶን ምትብባዕን ገይሮምልና ንስራሕ ተበጊስና ማለት እዩ። እቲ ዝዓበየ ጸገምና ዝበረ ግን ናይ ርእሱማል ሽግር እዩ። ናይ ከምዚ ሽግር እንተ ደኣ ኣሎካ ኩሉ ብኸመይ ኢኻ ክትዋጽኦ፧ ምስ መን ኢኻ ክትከይድ - ምስ ሓረስቶት ዲኻ ዋላስ ምስ መን ኢኻ ክትሰማማዕ ይጸልወካ እዩ። እቲ ናትና ዝበረ ጥሙሕʼውን ምስ ሚ/ሪ ሕርሻ ተሰማሚዕና ናትና ሕርሻ ብኸመይ ክንገብር ንኽእል ዝብል እዩ ነይሩ። ከምʼቲ ዝበልኩኻ ነዚ ኩሉ ዝኣሰሮ ግን ርእሱማል እዩ። እቲ ዝዓበየ ጸገምና እዚ ስለ ዝበረ፡ ብኸመይ ክንሰርሕ ንኽእል ብዓቕምና ክንፍትኖ ክኢልና ኢና። ኣብ ተኾምብያ ስለዝነበርና፡ ብቐጥታ ርክብና ምስ ሓረስቶት ነይሩ። ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ኣብ ከባቢ ተኾምብያ ዝመጽኡ ሓረስቶት እናተራኸብናን እናተማኻኸርናን ነቲ ጥረ ስምስም ካባኦም ንሽምቶ ነይርና። ምስ ግዜ ዋላ እዚʼውን ይኸብድ እዩ። ባዕልኻ ክትንቀሳቐስን ኮሉል ክትብልን ኣሎካ። ስለʼዚ ካብ ኣስመራ ናብኡ ብምኻድ፡ ናይ መገዓዝያ ሽግርʼውን ስለዝበረ፡ ከምʼቲ ዝበልናካ ኣብʼቲ ፈለማ ዓመታት ምስኦም ሓረስቶት እናተላፈንና ኢና ኣካይዶ ነይርና። ደሓር እዚ ትካል ናብʼዚ ናብ ኣስመራ ምስ ኣማዓዝናዮ ግን ብፍሉይ ንዖና ክቐርቡልና ምስ ዝኽእሉ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ዞባ ጋሽ ባርካ ዘለዉ ሓረስቶት ዝምድና ፈጢርና ማለት እዩ።

**- እዚ ናይ ስምስም ፕሮጀክት ኣብ ተኾምብያ ምስ ደኾኹምም፡ ኣብኡ ዘሎ ህዝብና ከመይ ተሓቢሩኩም፡ ከመይ ተቐቢሉኩም፧**

ሳዶር - ኣዝዩ ጽብቕቲ ሕቶ እያ። እዋእ! በዚ ኢጋጥሚ ከይጠቐስናዮ ክንሓልፍ ዘይንደሊ ነጥቢ እዩ። ህዝብና ተሓባባራይን ጥዑምን እዩ። ካብዚ ምስ ከድና ምስ ሓንቲ ስድራቤት ብዙሕ ኩናማ እንዳ ሐሴን ቱቲ ዝበሃሉ ኢና ክንቕመጥ ጀሚርና። ንደቆም ዘይገብርዎ ነገራት ንዖና እናገበሩ እዮም ኣተባቢዖምና። ኣብቲ ቦታ መታን ከይንጓዓዙ ምሳና እናሰርሑን እናርኣዩን ኣብ ገዛኦም ከኣ እናኣቐመጡን



ፍርያት ዘይቲ ስምስም ካመልስ

ኣዝዩ ደስ ዘብል ናይ ስራሕ ግዜ ከም ነሕልፍ ገይሮም እዮም። ህዝቢ ኤርትራ ክቡር ባህሊ ዘውንን ሕብረተሰብʼዩ ዝበሃል ከኣ ብኸምዚ እዩ። ነቲ ዝነበረና ብድሆታት ድማ ከም ዝቃለል ገይሮምልና። በዚ ኢጋጥሚ ድማ ነመስግኖም።

**- ሕራይ ነዚ ጥረ ነገራት ምስ ዝቐርበልኩም ኣካል ዝምድና ገይርኩም ኣለኹም። ነቲ ጥረ ነገራት ከም ዘለዎ ዲኹም ብቕምንት ትቕበልዎ ዋላስ ባዕልኹም ከይድኩም ካብ ከምዚ ቦታ ኣምጺኡልና ኢልኩም ዝገበርኩሞ ስምምዕ ኣሎ፧**

ሳዶር - ንሕና ወፈርቲ እንዲና፡ ነቲ ስራሕ ኣብዚ ኮፍ ኢልና ኣይኮንናን ካይዶ። በበወገና ናብ ጋሽ ባርካ ብምኻድ ነቲ ቦታን ነቲ ጥረ ነገርን ብምርኣይ ኢና ንጠልብ። ዋላ ብቐዋሚ ኣብቲ ቦታ ኣይንዛለ፡ ብኣካል እናኸድና ነቲ ዘድልየና ነገራት ብምጥቃብ ኢና ስራሕና ነሳስል። ንባዕልና ብስራሕ መንግስቲ ኣብ መወከሲ ሆስፒታል ባረንቱ ስለ ዝሰርሕን ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ብስራሕ ስለ ዝንቀሳቐስን ብልክዕ ነቲ ዝደለናዮ ጠለብት ኣብ ምምማይን ምምላእን ንሰርሕ ማለት እዩ። ብቐረባ ነቲ ዝደለናዮ ንኽንጠልብ ሓጊዙና እዩ። ብተወሳኺ ኣብቲ ሕክምና ምህላው ንምንታይ ደጠቕመካ ይመስለካ፡ ዋላኳ ኣብዚ ብዙሕ ልሙድ ኣይኾነ፡ እቲ ስምስም ኣገዳሲ ብኢታ ናይ ጥዕና እዩ። ባህላውን ዘመናውን ስምስም ዝበሃል ኣሎ። ዘይክሓድ ካብቲ ተፈጥሮኣዊ ኣመጋግባ ወጻኢ ዝምዕድ ሓከም የለን። ሕጂ እቲ ስምስምʼውን ኣገዳስነቱ ተረኣዩ ዝበዝሐ ህዝብና ብፍላይ ካብኡ ናብኡ ህዝቢ ዞባ ጋሽ ባርካ ተጠቃሚ ዘይቲ ስምስም ስለ ዝኾነ ይገስግሱ እዩ። ባህርያዊ ስለ ዝኾነ ማለት እዩ። ኣብʼቲ ህዝቢ ዝያዳ ኣብ ባይታ እቲ ጥዕናዊ ተጠቃምነታቱን ውጽኢቱን ምስ ረኣኻዮ ድማ ኣገዳስነት ስምስም ገሊሑ ይረኣዮ።

**- ህዝቢ ነቲ ብባህላዊ ማስርሕ ዝፈሪ ስምስም ዝያዳ ክጠልብ ንዕዘብ ኢና’ሞ፡ ነዚ ብኸመይ ኢኹም ሰሪርኩሞ ወይ ክትሰዕርዎ ክኢልኩም፧ ህዝቢ ነዚ ብማሽን ጸሚቖኩም እተቕርብዎ ፍርያት ከመይ ደርኣዮ፧**

ሳዶር - ኣብʼቲ ማስርሕ ክልተኡ ‘ስክረው ፕረስ’ ወይ ድማ ‘ኮልድ ፕረስ’ እንደዩ ዝበሃል፡ እዚ እንታይ ማለትʼዩ እታ እኽሊ ኣሎ፡ ካብታ መገእ ተጨፍሊቃ ትወጽእ። ምስ ተጨፍለቐት እታ ዘይቲ ተጸሚቓ ትወጽእ። ብተመሳሳሊ ኣብዛ



ጸማቝት ዘይቲ ስምስም (ማሽን)

ማሽን እዚኣ ከኣ ኮልድ ፕረስʼዩ ካልእ ከሚካል ዝሕወሶ የብሉን። ተጸሚቓ እያ ትወጽእ። ኣብቲ ኣገባብ ኣጸማምቓ ምስቲ ያታዊ ፍልልይ ዝበሃል የብሉን።

ቢንያም - ኣብዚ ዝተላዕለ ሕቶ ንሳዶር ክወሰኸሉ፡ ኣብ ኩነተ ኣእምሮ ናይʼቲ ሰብ ነዊሕ ዓመታት ክጥቀመሉ ዝጸንሐን ኣብ ርእሱ ዘሎን እዩ። ብቐሊል ዝበለ



ቢንያም ክብሮም

ኣቡት፡ ቀደም እኽሊ ብምንታይ ንጥሕን ነይርና። ብእምኒ እዩ ዝጡሓን ነይሩ። ሕጂኸ ናብ ምንታይ ሰጊርና ኣሎና፡ ናብ ካሬንቲ፡ እዚ፡ ፍልልይ ዝበሃል የብሉን። ናብዚ ናትና ስራሕ ክንመጽእ ከለና እውን ልክዕʼዩ እታ ማሽን ኣብ ዝመጽኣትሉ እዋን እቲ ብመገእ ዝጽመቕ ዝበረ ብሓዲሽ መስርሒ ይትካእ ስለ ዘሎ፡ ነቲ ህዝቢ ምስቲ ዝለመዶ ግር ክብሎ ግድን’ዩ። ዕላማና ኣብዚ ሕጂ እዋን ብኸመይ ሃልኪ ቀሊሉካ ብውሑድ ግዜ ብዙሕ ፍርያት ተፍሪ እዩ። ኣብቲ ዓይነት ፍርያት እውን ፍልልይ የብሉን። ነቲ ሓዲሽ ነገር ተረዲእካ ቀልጢፍካ ክትለምዶ ግን ክቡድ ክብል ይኽእል ይኸውን። ምኽንያቱ ኣብ ርእስና ዝጸንሐ ርድኢት ስለ ዝኾነ፡ ገሌ ጸገ ኢሉ ደሰምዓና ደርደኣና እዩ። እቲ ዝበዝሐ ግን ሰሪጽዎ ስለ ዘሎ ‘ናእ! ናይ ገመል እዩ ጸቡቕ” ኢሉ ይኸይድ። በዚ ኢጋጥሚ፡ እቲ ማስርሕ ሓደ ምኽኑ ክንሕብር ንደሊ። እዚ ናትና እንታይ እዩ ብልግሒኡ ‘ዕጹው ኣገባብ’ እዩ። ኣብ ርእሱ ግቡእ ናይ ምጽራይ ማስርሕʼዩ ዝቶደለ። ብዓብዩኡ ካብ ዝኾነ ባክተርያ ይኸውን ካብ ርስሓት ናጻ ክኸውን ብምቍጽጻር ብቕዓት ግቡእ ማስርሕ ሓሊፉ ከምኡʼውን ኹ ይምርመር እዩ። ተጻርዩ ብግቡእ ተዓሺጉ ከኣ ናብ ዕዳጋ ይወርድ ማለት እዩ።

**...ይቕጽል**

# ማህደር ጀጋኑ

ሸሞንዲ ዑቕባሚካኤል

## መልእኽቲ ምስጋና ናብ ከዋብ! (ዕቃብ ኣጽዋር)

ሕዳር 1971 ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ኣር ዝበሃል ቦታ ተኻይዱ። ብዙሕ ዘተሰፉ መልእኽቲ ከም ዘበሮ ኸኣ ይፍለጥ። ንሓድነት ውድባት ኤርትራ ኣብ ዝምልከት ጉዳይ ግን ዓጺቕ ኣዋጃት ተመሓላለፉ፡ "ሜዳ ኤርትራ ካብ ሓንቲ ውድብ ንላዕሊ መሪሕነት ንሳዕሊ ኣይጸወርን'ዩ" ዝብል ውሳነ ናይቲ ውድብ ናብ ወግእ ሕድሕድ መርሐ፡ ወግእ ሕድሕድ ናይ ክልተ ገርግር፣ ናይ ካርሽም፡ ደንካልያ፡ ደቡብ፡ ጸልማን ባርካ፡፡

ሓድነት ዜጋታት ከይተረጋገጸ ንጹላኢ. ምስዓርን ናጽነት ምምጻእን ከበድ ምዃኑ ስለ ዝፍለጥ ኩሉ ኣብ መንጎ ክልቲኤን ውድባት ሰውራ፡ ብዙሕ ናይ ዕርቂ-ሰላም ዋዕላታት ሓሊፉ፣ ሓባራዊ ግንባር ተመስሪቱን ሓባራዊ ስርሒታት'ውን ተፈጺሙ፡ ግን ኣብ ግዜ ዕርቂ ልቢ ክልተ ኣንጻራት እንተዘይ ኰይኑ ብሓንቲ ኣድ ምጥቃዕ ኣይከኣልን። ሽርሕን ተንኰልን ተዓጢቑካ ሓድነትን ስምረትን ክረጋገጽ ኣይከኣልን።

ወግእ ሕድሕድ ኤርትራ ንጹላኢ. ጸቢቑ ኣጋጣሚ ኮይኑሉ፡ ንረብሓኡ ከገልግል ተራእዩ። ኽህዝቢና መቕረጺ. ተሰኡ፣ ንጹላኢ. ደማ ቀሲኑን ኣራጢጡን ከበድ ወራራት ኩዒሉ ክቀራረብ ዕድል ከፊቱሉ፡ ብፍላይ ኣብቲ ስርዓት ደርግ ንሰውራ ኤርትራ ሓንሳብን ንሓዋሩን ንምድምሳስ "ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ" ሻድሻይ ወራር ብምእዋጅ ክሳብ ክልተ ዓመታት ዝወሰደ ምቅርራብ ዝገበረሉ ዘበረ ግዜ፡ ውድባት ኤርትራ ሓድነተን ኣጠናኺረን ድልውነተን ከረጋግጻ ይግብኣ ነይሩ፡ ብዮዝበሪ ግን ብኣንጻሩ እዩ ዘበረ።

መሪሕነት ወተሃደራዊ ክንፊ ተ.ሓ.ኤ. እቲ ኣንጠልጢሉ ዝበረ ጸለም ደበናን ኣብ ሰውራ ኤርትራ ከኸትሎ ዝኽእል ዝበረ ጥፍኣትን ክራኣዮም ኣይከኣለን፣ ወይ ሓላፍነት ኣይወሰዱን። ህዝቢ ኤርትራ፥ እቲ እንኮ ተሰፋኡን ካብ እግሪ ተኸሉ ኩሰኩሱ ዘዕበዮን ዝሓብሓቦን ሰውራ ከይደምሰስ ኩቡዱ ሓቝፉ እናሃለወ፡ ህዝባዊ ግንባር ብወገኑ ነቲ ወራር ንምሕምሻሽ ኣብ ምሽብሻብ እንከሎ፣ እቲ ሓደ ወገን ግን ኣብ መንጎ ኣሕዋት ሃገር ኣብ ምጽሕታር ኣድሂቡ። ድሕሪ ሓምሻይ ወራር ኣብ ከባቢ ደፋዓት ተከልን ደብር እበንን ዓሪደን ዝበራ ሓይልታት ጀብሃ፡ ንህዝባዊ ግንባር ከየፍለጣ ብለይቲ ንድሕሪት ብምስሓቡ፡ ንሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ንሓደጋ ጸላኢ. ኣቃሊዐን፣ ብዙሕ ናይ መስዋእቲ ክሰራታት ክወርዶ ኣሕሊፈን ንጸላኢ. ሂበን። ኣብ ደጀንን ድሕሪ መስመር ጸላእን ንዝርከብ ትካላት ህዝባዊ ግንባር፡ ኣብኡተን እናጨወያን እናቐተላን ቅሳነት ከለኣን። መሪሕነት ናይቲ ውድብ፡ ኣብ ግንቦትን ሰነ 1980 ኣብ ሰሜን ደንካልያን ደንበዘንን ዝንቀሳቐሳ ዝበራ ኣሃዱታትን ክፍሊ. ህዝብን (ጀማሂር) ህዝባዊ ግንባር ቅሉዕ መጥቃዕቲ ከፊቱለን። ድሕሪ'ዚ እዩ ህዝባዊ ግንባር ተጻዋርነቱ ናብ ዜሮ ዝወረደ። ናይ ድሕሪትን ናይ ኩሊትን ምትኽታኻት ከየጸረየ ወራር ጸላኢ. ምምካት ከምዝይከኣል ደምደሙ። ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ብነሓሰ 1980 ንሰራዊት ተ.ሓ.ኤ. ካብ ከባቢ ደጀኑ ናይ ምርሓቑ ግብረመልሲ ክህብ ምስ ጀመረ ደማ፡ እቲ ወግእ ብዘይ ዕረፍቲ ብኡ ኣቢሉ ንሓደ ዓመት ቀጺሉ።

እቲ ኩናት፡ ኣብ ምብራቕ ኤርትራ፥



ገለ ካብ ሓለፍቲ ዕቃብ ኣጽዋር

ኣብ ደቡብ፡ ደቡባዊ ምዕራብን ሰሜናዊ ምዕራብን ምዕራብን ዝተኻየደ ኮይኑ፣ ብፍላይ'ቲ ብወገን ሳሕል ጸረ-መጥቃዕቲ ዝኸፈተ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር፡ ኸኒጋስ መጥቃዕቱ ኣብ ሰለስተ ዝተኸፋፈለ ነበረ። እቲ ቀዳማይ ገጽ መጥቃዕቲ ካብ ሳሕል ጀሚሩ እናደፍአ ክሳብ ዛራ ዝበጽሐ እዩ። ኣብዚ ዝተሳተፋ ሓይልታት ህዝባዊ ግንባር፡ ካብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ናቕፋን ካብ ብርጌዳት ተዋጺኣን ዝወረዳ ናይ ሓይልን ቦጦሎኒን ውዳብ ዝበረን እየን። እተን ካብ ብርጌዳት ተዋጺኣን ናብዚ ዝወፈራ ኣሃዱታት ህዝባዊ ግንባር፡ ከምዚ ዝተጠቕሰ ብኣቃውማ ካብ ቦጦሎኒ ንታሕቲ ስዝበራ ናይ ግዝኣ ርእሰን ተተኩሶቲ ዘሰፋፍሉን ብረት ዝጸግኡን ኣካላት ዕቃብ ኣጽዋር ኣይነበራወንን። ቀጥታ ካብ ማእከላይ ዕቃብ ኣጽዋር ክምገብ (ክዕደላ) ስለ ዝበረን፡ እቲ ስራሕ ኣብ እንግድዓ ጨንፈር ማዕከላይ ዕደላ ኣጽዋር እዩ ዝበረ።

ዚ ዕማም'ዚ ንምኽያድ፡ ሓይልታት ካብ ግንባራት ተዋጺኣን ኣብ ወፍሪ ቀዳማይ ገጽ ናብ ጸረ-መጥቃዕቲ ክብገሳ እንከለዋ፡ ካብ ኣወሃሃዲ ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈት ኣጽዋር ተጋዳላይ ተመስገን መምርሒታት እናተቐበለት ትሃጥፍ ሓንቲ ኣሃዱ ዕቃብ ኣጽዋር ምስኣተን ኾቢለት። ጉዕዞኡ ካብ ሓለብት ኮይኑ፡ ቀዋሚ ቦታኣ ኣብ ዛራ ገበረት። ኣብ ዛራ፡ ካብ ሽርኢት ንገበይ ጸዕናን ሓልሓልን ዘተኣሳስር ግንባር ተመስረተ።

ካልኣይ ገጽ መጥቃዕቲ ግን ካልእ ኣወዳድባ ነበሮ። እቲ ግንባር ስለ ዝሰፍሐ፡ እቲ ኣብ ዛራ ዝዓስከረ ዕቃብ ኣጽዋር'ውን ናብ ሰለስተ ክመቓቐል ግድን ኰኑ፡ በዚ መሰረት፡ ሓደ ጉጅለ ዕቃብ ኣጽዋር ብወገን ሓልሓል (ኣሰማጥ)፣ ካልኣይ ጉጅለ ብወገን ማእከል ዓዳየት (ንክሩርን ከርከበትን ዝወርድ)፣ ሳልሳይ ጉጅለ ድማ ኣብ ሽርኢት ኮይኑ፡ ንኣታቱን ዴባን ዝዕድል ኮይናም ተኸፋፊሉ። እዚ ካልኣይ መደብ መጥቃዕቲ፡ ክሳብ ሩባ ባርካ ንቕድሚት ገስጊሱ፡ ብፍላይ እቲ የማናይ (ናይ ሽርኢት) ካብ ሩባ ባርካ ሰጊሩ ክሳዕ

ተገይዶ ዝጸሓሉ ኩናታት ተፈጢሩ ነይሩ። ኣብቲ ግዜ'ቲ፡ (18 ሕዳር 1980) መንግስቲ ሱዳን ነቲ ኩናት ደው ንምባል ገለ ተበግሶታት ክወስድ ጀሚሩ ነይሩ። ምስኡ ብዝተኣሳሰረ ምኽንያት ክኸውን ይኽእል፡ እቲ ንቕድሚት ዝሰገሱ ዝበረ ሓይልታት ህዝባዊ ግንባር'ውን ንድሕሪት ብምምላስ፡ ግዝያዊ ዶብ ክልተ ተጻረርቲ ውድባት ሩባ ባርካ ኮይኑ ንገለ ኣዋርሕ ጸኒሑ።

ማእከላይ ቦታ ዕደላ ኤምዳድ፡ ኣብ ከርከበት፡ ካልኣይ ደማ ብኣሰማጥ ክሳብ ሓልሓል ተዘርጊሑ ነይሩ። ካብዚ ንደሓር በበዕለቱ ሓይልታት ይድረባ ስለ ዝበራ፡ ኤምዳድ'ውን ካብ ድሕሪት ተወሳኺ. ዓቕሚ ሰብ ክድርብ ጀሚሩ። ኹና ሕጂ'ውን ናይ ብርጌዳት ኤምዳዳት ስለ ዘይነበራ፡ ናይ ምዕዳል ጾር ኣብ እንግድዓ ክፍሊ. ኣጽዋር ኮይኑ ቀጸለ።

እቲ "ንሰራዊትናን ድሌታትን ሰራዊቱ ክሰምዕ ፍቓደኛ ኣይነበረን" እናተባህለ ብመጋድልቱ ዝውቀስ መራሒ. ወተሃደራዊ ክንፊ ተ.ሓ.ኤ. ዓብደላ እድሪስ፡ ነቲ ክሃድእ ጀሚሩ ዝበረ ወግእ ብውልቃዊ ውሳኔኡ ዳግማይ ብምውላዕ፡ ንናይ መውዳእታ ሕድሕዳዊ ግጥም ኣቀላጠፈ። ንሱ፡ ብ26 ሚያዝያ 1981 ሰዓት 5:30 ቅ/ቀትሪ ኣደናን ጭሩምን ኣብ ዝተባህለ ከባቢታት ሓልሓል'ዩ መጥቃዕቲ ዝኸፈተ። እቲ ካብዚ ኩናታት'ዚ ተበጊሱ ዝጀመረ ጸረ-መጥቃዕቲ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ከኣ፡ ሓንሳብ ምስ ተወለዐ ንድሕሪት ኣይተመልሰን።

ብወገን ሓልሓል ዝበረ ሓይልታት ወገኑ ንሰራዊት ተ.ሓ.ኤ. ብደብረሳላ ኮበኩብ ክወርድ እንከሎ፡ እቲ ብኡ ዝበረ ጨንፈር ኤምዳድ ግን ናብ ኩር ተመለሰ ናብ ከርከበት ተጠርነፈ። እቲ ብየማን (ብሽርኢት) ዝበረ'ውን ናብ ማእከላይ ቦታ ከርከበት'ዩ ኣትዩ። ስለ'ዚ ኣብ ሳልሳይን ናይ መውዳእታን ተበግሶ፡ እተን ሓይልታት በጠዝበራኦን በጠዘጥዕመንን ንቕድሚት ክብገሳ እንከለዋ፡ ጨንፈር ማእከላይ ዕቃብ ኣጽዋር ግን ተጠርኒፉ ብሓመላይት ኣቢሉ

ሰገሩ፡ ንሱ ጥራይ ዘይኮነ ኩሉ'ቲ ደገፍ ዝህብ ኣሃዱታት'ውን ብሓመላይት ኣቢሉ'ዩ ሰጊሩ።

ኣብ መጥቃዕቲ ሳልሳይ ገጽ፡ ገለ ኣሃዱታት - ከም ብርጌድ 70 - ኣብቲ ወፍሪ ምስ ወዶብቲ ደገፉት ክፍልታተን'የን ተሰሊፈን። ስለ'ዚ ንሳተን ርእሰን ክኢለን ስለ ዝወረዳ፡ ስራሕ ኣሃዱ ማእከላይ ዕቃብ ኣጽዋር ክቃለል ጀሚሩ። ማእከላይ መስመር ሐዙ'ውን ንቕድሚት ቀጸለ።

ከም ኣምር፡ ዕቃብ ኣጽዋር ተ.ሓ.ኤ፡ ኣብ ሕመረት ከልበይ፡ ኣብ ርብዓን ኣብ ከዋብን ክርኩብ ከም ዝኽእል ሓበሬታታት ነይሩ። ክሳብ ኣብዞም ዝተጠቕሱ ቀንዲ ዝተባህሉ መኸዘኒ ቦታታት ዝበጽሕ'ውን ቀሩብ ቀሩብ ይርኩብ ነይሩ። እቲ ዝዩዳ ሚዛን ዝወጸ ግን ኣብዘን ዝተጠቕሳ ቦታታት ክህሉ ከም ዝኽእል ትጽቢት ነይሩ። ብፍላይ ኣብዚ ከዋብ ትብሃል ቦታ ትርኩዕ ኣጽዋር ከም ዘሎ፡ ከም ምልሻ ምስ ሳባ ዓጠቕም ካብ ዝበሩ ሰባት ሓበሬታ ተረኺቡ ነይሩ። ግን እታ ቦታ ኣበይ ከም ትርከብ ብንጹር ትፍለጥ ኣይነበረትን። ኣብ ኢድ ሓለፍቲ ዕቃብ ኣጽዋር ዝበረ ካርታ ካብ ጥኑና ስለ ዝምለሰ ናይቲ ከባቢ ካርታ ኣይነበሮምን። በየም መራሕቲ መንገዲ እናተመርሑ እዮም ከዋብ ኣትዮም።

ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ከዋብ ክሳብ ዝጽሕ፡ ኣባላት ዕቃብ ኣጽዋር ጀብሃን ካልእ ክፍልታቱን ኣብቲ መዓስከር'ዩ ጸኒሖም። ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ኣብ ሩባ ባርካ ተዓጊቱ ከም ዘሎ'ምበር፡ ንሱኡ ሓሊፉ ከም ዝተጸገዖም ሓበሬታ ኣይነበሮምን። ተኸሲ. ምስ ተኸፍተ ጥራይ'ዮም ናብቲ ጥቓኦ ዘሎ ኀጉ ክእለዩ ፈቲኖም። እቲ ገ'ውን ሓይልታት ህዝባዊ ግንባር ስለ ዝቐደማኦም፡ ሓንቲ ጥይት ከይተኩሱ ኢዶም ሂቦም። ስለ'ዚ ኣጽዋር ተ.ሓ.ኤ. ብዘይ ዝኾነ ጸገም ከም ዘሎዎ ከይተንቀሳቐሰ'ዩ ተታሒዙ።

ከዋብ ኈልጐል እዩ፣ ተኩስትን ተተኮስትን ኣብ ልዕልን ትሕትን ምድሪ ተኸዚኑ'ዩ ጸኒሑ። እቲ ኣብ ልዕሊ. ምድሪ ዝበረ ተተኩስቲ ብዓገፋታትን ብዚንጎን ኣብ ትሕቲ ዝተሰርሐ ጽላል፡ ብኾምራታት ሰናዱቕን ብቴንዳ ዝተሸፈነ ተኣሲሩ ጸኒሑ። ብዘይካ'ዚ ልዕሊ. 12 ብዙሓ. ዝበሮ ናይ ኣጽዋር መኽዘኒ. ጉዳጉዲ ጸኒሑ። ኣሰራርሓ ናይ'ቲ ጉዳጉዲ፡ ትኽ ኢልካ ንታሕቲ ኣቲኻ ድሓር ንጋድም ብምዕጻፍ ኢኻ ነቲ ኣጽዋር ትረክቦ። ዕቃብ ኣጽዋር ህዝባዊ ግንባር ዝመርጸኦ መኽዘኒ. ተኩስትን ተተኩስትን ጸግዒ ኀጉ ወይ ሰናጭሮ እዩ።

ኣብኡ ፍሐርካ እየም ኣንደራት ዝህጸ። እዚ ናይ ጀብሃ ግን ብሽመይ ነፊርቲ ጸላኢ. ንክዝርግአ ምቹእ ኣብ ዝኾነ ቦታ ተኣማሚናም ሰሪሖሞ ንኣባላት ህዝባዊ ግንባር ኣገራሚ ኮይኑ ነበረ።

እቲ ኣብ ከዋብ ዝበረ ኣጽዋር ተ.ሓ.ኤ፡ ሓደሽን ንጡፍን እዩ። ኩሉ እቲ ንሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ኣድላዪን ሕጽረታት ኣጋጢሙዎ ዝበረ ዓይነታትን ኣብዚ ተረኺቡ። ኣብ 1979 ዓ/ም ካብ ወጻኢ. ሃገር ንኽልቲኡ ውድብ ካብ ዝተመቕሉ ተተኩስቲ - ከም ቀይሕ ፅንጦ ዝበሃል ብረት ከይተረፈ - ከይተዓጥቁ ኣብኡ ጸኒሖም። እቲ ዘርግም፡ ዕቃብ ኣጽዋር ህዝባዊ ግንባር፡ ነቲ ኣብ ከዋብ ዝተረኽበ ናይ ጀብሃ ዕጥቂ ዝዓረግ ብዙሓ. ኣይነበሮን። ኣብ ወራራት፡ ምስ ጸላኢ. ኣብ ዝተኻየደ ቀጻሊ. ምርብራባት ሃሊኹሱ ንመኸተ ሻድሻይ ወራር ዝኸና ኣብ ምቕጣዝ'ዩ ዝበረ። ንብረት ሓላል ህዝቢ. ኮይኑ ግን ኣብ ኢድ ጸላእን ጎረቤት ሃገርን ካብ ምእታው ድሒኑ። ንብረት ሰውራ ናብ ሰውራ ተመሊሱ።

ናብቲ መዓስከር ምስ ተኣተወ ኣብ መጀመርታ፡ ሓደ ንኣባላት ዕቃብ ብረትን ንሓለዋታት ህዝባዊ ግንባርን ዘይተረደኦም ነገር ኣጋጢሙ። ጸባሕ ናይቲ ናብ መዓስከር ዝኣተወሉ ዕለት፡ ገለ ካብቶም ተኩስትን ተተኩስትን ካብ መኽዘኖም ወጺኦም ዛዕዚዕ ኢሎም ተረኺቦም። ብሰንኪ'ዚ ክስተት'ዚ፡ ኣብ መንጎ ዕቃብ ኣጽዋርን እተን ኣብ ሓለዋ ዝተዋፈራ ሓይልታትን ምክስስ ተፈጢሩ። ኣብ ኣኼባን ካልእን ብዙሕ ስለ ዘዘረበ ዳግማይ ተጻሂፁ። ምስ ተመርመረ፡ ኣሰር ናይ ኣግማልን ውዳቕ ኣባትርን ከምኡ'ውን ኣሰራት ርጋጽ ተረኺቡ። እምባኣር ዝሰርቁ ዘለዉ ሸፋቱ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም ዝብል ግምት መጺኡ። ኣብዚ መደምደምታ'ዚ ስለ ዝተበጽሐ፡ ኣባላት ሃንደሳ መጺኦም ኣብ ኣፍ ጉዳጉዲ ጸረ-ሰብ ነተጉቲ ቀበሮምሉ። ንሓደ ክሰርቕ ዝመጽአ ሃደንደዋ ስለ ዝዘረመቶ ኸኣ ወሰድቲ ንሱቶም ምዃኖም ተረጋገጸ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብቲ መጀመርታ መዓልቲ፡ ካብ ስርቂ ዝበደደ ሰግኣት ስለ ዝተኸስተ ህጹጽ መምርሒታት መጺኡ። ጀብሃ ናብ ሱዳን ክትሰግር ምስ ጀመረት፡ ብዙሓት ካብ ተጋደልታ ተመሊሶም ኣብ ባርንቱ ንጸላኢ. ኢዶም ይህቡ ስለ ዝበሩ፥ ቦታ ዕቃብ ኣጽዋር ንጸላኢ. ተቓሊዑ ብነፈርቲ ክሀረም ከም ዝኽእል ልዑል ጥርጣረታት ነይሩ። በዚ ምኽንያት፡ እቲ ኣጽዋር ብህጹጽ ክለዓል ትእዛዝ ተመሓላለፈ።

እዚ ትእዛዝ'ዚ ብዕቱብን ብህጹጽን ክትግበር ስለ ዝበሮ፡ ኣባላት ማእከላይ ሸማግለን ላዕለዎት ሓለፍቲ ክፍሊ. ዕቃብ ኣጽዋር ውድብን ነቲ ኣጽዋር ንምእርናብ ካብ ሳሕል ናብ ባርካ (ከዋብ) ተጓዒዞም። ከም ሓለፍቲ፡ ስዉእ ኣሕመድ ካህይ፡ ዑቕባዝጊ. ፍስሃን ስዉእ ግርማይ ዑቕባይን ሰለስቲኦም ብትዮታ ካብ ሳሕል ርብዓ፣ ካብ ርብዓ ደማ ከዋብ ኣትዮም ሓዲር ኮላ ድሕሪ ምክያድ፡ ንምጽዓኑ ከወሲዱ ጀሚሮም።

ይቕጽል

ጨ/ምርምርን መጽናዕትን

ቤ/ጽ ጠ/ሓለቓ ስታፍ ሓ/ምክልኻል



ኣባላት ዕቃብ ኣጽዋር

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

በንያም ክብሮም ግርማይ፡ ምባል ተሪፉ፡ በንያም ክብሮም ግርመ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/09/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ሰረክ ረዘክ ኣረፋይን ምባል ተሪፉ፡ ሰረክ ረዘክ ኣረፋይን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/09/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ 47 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ለላ ኣፈወርቂ ተስፋስላሴ፡ ብዓል ቤተይ ተስፋኣለም የማነ ጉብረኣብ ስለዝዩረሬ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ከአ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/09/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ 47 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣፍዓበት

ሰም የውሃንስ ሰዩም ምባል ተሪፉ፡ ያሲን የውሃንስ ሰዩም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/09/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መሓመድ ኣሕመድ ምርኻብ ምባል ተሪፉ፡ ኣሕመድ መርኸብ ዓመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 30/09/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ጉብረሂወት ጉብረምካኤል ፍትዊ ምባል ተሪፉ፡ ስምኦን ጉብረምካኤል ፍትዊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 29/09/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ኣቶ ዓብደርሓም ንሱር ሐሴን፡ ተጸዋዒ ዓብደልዓዚዝ ዓብደላ ዐሰማን፡ ብዕለት 23/03/26 ኑሮ፡ ኣብ ከተማ ከረን ከባቢ 06 ዝርከብ ቀዋሚ ንብረት ብቁምስክር ወረቐት 301247 ብመወከሲ ቁጽሪ 307601 ብዚፕ ኮድ 6K -1386 ፕሎት 156b ፓርሰል pop 1566 ብመለለዩ ቁጽሪ 1 ንብረት 6BRKRN 00101014 ዝተመዝገበ ዝዓደገኩዎ፡ ተጸዋዒ ስም ምትሕልላፍ ከይገበረ ኣድራሻኡ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ስም ምትሕልልፍ ክገብረለይ ይጸውዓለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን12/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ አፍልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ቶኾምብያ

ወ/ሮ ሓንሳ ሕድራይ ቀለታ፡ ብዓል ቤተይ ገሊዩ ሸማይ ጉብረ ስለዝዩረሬ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን215/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ብስም ኣዴና ኑፍ/ራት ኣበበ ገበየሁ ለሙ ኣብ ኮምሸን ኣባይቲ ብቁምስክር ወረቐት 109232 መወከሲ ቁ/114978 ዝተመዝገበ ኣብ ኣስመራ ዞባ 4 ምም/12 (ን/ዞባ ሰምበል) ጎደና ዱርቁረኣሽ ቁ.ገዛ 26 ቁ.ሎታ 69 ቁ.ፓርቸላ 'ኤል' ናይ ዝርከብ ገዛ ኦሪጂናል ሊብሬቶ ስለ ዝጠፈኣና፡ ዝረኸቦ ወይ ብዕዳ ሐዝዎ ዝበል እንተልዩ፡ ኣብ ወሽጢ 30 መዓልታት ብቁጽሪ ቴሌፎን 07349413 ክሕበረና፣ እንተዘይኮይኑ፡ መተካእታኡ ክሓትት ምዃንና እሕብር፡፡

ኣዲያም ተኸለ በርሀ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ጋሻ ኑፍሒ ዓዲ ጓዕዳድ፡ ፕሎት 43 ፓርሰል H ስፍሓት መሬት 250 ት/ሜ ዓይነት ገዛ ተሪሩ፡ ቀንዲ ክፍልታት 6 ሓጋዚ ክፍልታት 2 ዝሓዘ፡ መለለዪ ቁ.ንብረት 1:009615 ብስመይ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፡ ንሓጢተይ ምልእተ ስእሉ ብህያብ ስለ ዝሃብክዎ'ሞ ስም ምትሕልላፍ ክገጉበር ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ወሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤ/ፍ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ ናይ መወዳእታ ውሳነ ሐዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ እንተዘይቀረበ፡ ኦርጂናል ሰነዳተይ ብምሓዝ ጉዳየይ ክውድእ ምዃነይ እሕብር፡፡

ወ/ሮ ጸገ ስእሉ መንግስቱ

---

## ን3ይ ግዜ ዝወጸ ምልክታ ጨረታ

ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ኦሮታ፡ ኣብ ወሽጢ ሆስፒታሉ ንዝርከቡ ክፍልታቱን ቤት ጽሕፈታቱን ኣገልግሎት ዝውዕል ሓድሽ PABX ቴሌፎን ማስመር ክዝርግሕን ክእቱን ስለ ዝደለየ፣ ብቑዓትን ሕጋውያን ተሻረትቲ ይዕድም፡፡ ከም ተወሳኺ ሓብሬታ፦ ናይ'ቲ ቦታ ርሕቀትን ዝዝርጋሓሉ ማስመራትን (Ground Assessment) ብምግባር ዝ. ንምስራሕ ዘድሊ ማተርያልን ናይ ኣደ ዋጋ ከምኡ'ውን ኑቲ ሰራሕ ዝድልዮ ግዜ (Timer Frame) መገመቲ ክትኣቱም ኣቐዲምኩም ብኣካል ቀሪብኩም ክትርእዩዎ ንሕብር፡፡

ተሻረትቲ ከማልእዎም ዘለዎም ነጥብታት፦

1. ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ኦሮታ፡ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ፡ ዋጋታት፡ ዝ. ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ናይ ቴሌፎን ማስመር ምዝርጋሕ ብዕሹግ ደብዳበ ክቕርቡ ይዕድም፡፡
2. ጨረታ ንኹሉም ሕጋውያን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ናይ ቴሌፎን ማስመር ምዝርጋሕ ዘካይዱ ክፉት እዩ፡፡
3. ተሻረትቲ ቅዳሕ ናይ ዓመተ 2025 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን፡ ናይ ዓመተ 2025 ክሊራንስ ናይ ኣታዊ ወሽጢ ሃገርን መንነትን የቕርቡ፡፡
4. ተሻረትቲ ተወሳኺ ሓብሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ቤ/ጽ ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ኦሮታ ናይ ጨረታ ሰነዳትን ሓብሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡
5. ብቑዓት ተሻረትቲ፡ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100.00 (ሚእቲ ናቕፋ) ከፊሎም ሰነድ ጨረታ ክወስዱ ይግባእ፡፡
6. ጨረታ ኣብ'ዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ፡ ዕለት 19/09/2026 ሰዓት 9፡45 ቅ.ቀ ክበጽሕ ኣለዎ፡፡ ደንገዩ ዝቐረበ ጨረታ ይንጸግ፡፡ ጨረታ፣ ተሻረትቲ፡ ሕጋውያን ወከልቲን ክሳተፉ ዝደሊ ሰብ፡ ስዑርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጹ ሰባትን ኣብ ዝተረኸቡሉ፡ ኣብ ኣዳራሽ ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ኦሮታ ይኣቱ፡፡ ዕለት 19/09/26 ሰዓት 10፡00 ቅ.ቀ ጨረታ ብግልጺ ይኽፈት፡፡
7. መኸበሪ ጨረታ ዝምለስ ናይ ቴሌፎን ማስመር ምዝርጋሕ 50,000.00 ናቕፋ ብስፒኦ (CPO) ክትሕዙ ይግባእ፡፡
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘፍቅዶ መሰረት ይካየድ፡፡
9. ተሻራቲ ኑቲ ዝተዓወተሉ ናይ ቴሌፎን ማስመር ምዝርጋሕ ብዕሉ ወይ ብወከልቱ ክኢላታት ጥራይ ናይ ቴሌፎን ማስመር ምዝርጋሕ ከካይድ ይፍቀደሉ፡፡
10. ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ኦሮታ ብምሉእ ወይ ብከፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ኦሮታ
ቤ/ጽ ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ኦሮታ 126230

---

ኣነ ሃይለ ጉብረየሱስ ጉብረማርያም፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ በሪኽ ወዲ-ዱባ ፕሎት N ፓርሰል 6 ዚፕ-ኮድ 1B1398 ዝርከብ ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤ/ጽ ካዳስተር ብቁ.ንብረት 1BRBRK020886/0 ብዕለት 11/03/2026 ብስመይ ተመዝጊቡ ዋንኑቱ እተረጋገጸለይ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛይ ክሸጦ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ወሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሐዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ እንተዘይቀረበ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጽም ምዃነይ እሕብር፡፡

ኣቶ ሃይለ ጉብረየሱስ ጉብረማርያም

---

ብስም ግርማዊት በርሄትኣብ ገ/ሃዋርያት፡ ኣብ ዓዲ/ከባቢ ጆ/ሳዕሳይ ብመወከሲ ቁጽሪ 198 ቁጽሪ ምስክር ወረቐት 016493 ፕሎት 38 ፓርሰል A ንመንበሪ መዓላ ዝተዓደልክዎ ምስክር ወረቐት ስለ ዝጠፈኣኒ፣ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሐዞዎ ዝበል እንተሎ፡ ብቁጽሪ ስልኪ 07142584 ክሕበረኒ፡፡ እንተዘይኮይኑ ግን መተካእትኡ ንዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምዃነይ እሕብር፡፡

ግርማዊት በርሄትኣብ

---

ኣነ ኣቶ ሳዓም ሐሴን ዓብደላ፡ ኑቲ ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ን/ዞባ ማእከል ከተማ ከባቢ ሜዳ ኤርትራ ፕሎት 6 ፓርሰል B ዚፕ ኮድ 1A194 ጎደና ጊንዳዕ ቁጽሪ ገዛ- ዝርከቡ፡ ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብመለለዩ ቁጽሪ ንብረት 1BRASM019842 ብዕለት 13/02/2026 ዓ/ም ብስም ወላዲየይ ኑፍ/ ሐሴን ዓብደላ ዑመር ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፡ ብውርሲ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ወሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተኒይሩ ውሳነ ሐዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ቤት ጽሕፈት ኖታሪን ይቕረብ፡፡ እንተዘይቀረበ፡ ኦርጂናል ሰነዳተይ ብምሓዝ ጉዳየይ ክውድእ ምዃነይ እሕብር፡፡

ኣቶ ሳዓም ሐሴን ዓብደላ

---

## ምልክታ ጨረታ

ሺያጢ፦ ምውጋን ንብረት መንግስቲ
ኣገዛቢ መሸጢ፦ ዕሹግ መሸጣ ሃገራዊ

ምውጋን ንብረት ብመንግስቲ ኣብ መኽዘን ምውጋን ንብረት መንግስቲ (ፈሮቭያ) ንዝርከብ ብዝሒ ዘለዎ ዝተፈላለየ ንብረት ክሸይጥ ንኹሉም ሕጋውያን ዓደግቲ ይዕድም፡፡

1. መሸጣ ንኹሉ ሕጋዊ ፍቓድ ንግዲ ዘለዎ ክፉት እዩ፡፡
2. ተሳተፍቱ

- ዝተሓደሰ ናይ 2025 ፍቓድ ንግዲ
- ትሕጃ 100,000.00 ናቕፋ ብቸክ

ሐዞም ናብ ቤት ጽሕፈት ምውጋን ንብረት መንግስቲ (ፈሮቭያ) ብምቕራብ ካብ 04/09/2026 ዘይምለስ 50.00 ናቕፋ ብምኽፋል ፕሮፎርማ ብምውሳድ ዘቕረብዎ መውዳደሪ ዋጋ ክሳብ ዕለት 15/09/2026 ሰዓት 10፡00 ቅ/ቀ ኣብ ሳጹን ጨረታ ከእትዉ ይሕተቱ፡፡

3. ጨረታ ሰሉስ ዕለት 15/09/2026 ሰዓት 10፡00 ቅ/ቀ ኣብ ቤት ጽሕፈት ምውጋን ንብረት መንግስቲ ፈሮቭያ ይኽፈት፡፡
4. ንብረት ኣብ መኽዘን ምውጋን ንብረት መንግስቲ (ፈሮቭያ) ብኣካል ብምምጻእ ክርእዩ ይኽእሉ፡፡
5. ተሻረትቲ ተወሳኺ ሓብሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ቤት ጽሕፈት ምውጋን ንብረት መንግስቲ (ፈሮቭያ) ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡
6. ምውጋን ንብረት መንግስቲ ብምሉእ ወይ ብከፊል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ምውጋን ንብረት መንግስቲ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ ምምሕዳር ከባቢ ገጀረት ፕሎት 103 ፓርሰል "ኤ" ጎደና 177-2 ቁ. ገዛ 1 ብሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤት ጽሕፈት ካዳስተር በመለለዩ ቁጉበረት 1BRASM012870 ብስም ዓውድያ መሓመድዓሊ መሓመድ ዝተመዝገበ መንበሪ ገዛ ካብ ጠቕላላ ስፍሓት 300 ት/ሜ ክፋል ዝኾነ 120 ት/ሜ ኣብ ልዕሊኡ ሰለስተ ክፍሊ ሓደ ክሽን ሓደ ዓይኒ ምድሪ ንወ/ሮ ኤልሳ ቃለኣብ ተሰፋዝጊ ስለ ዝሸጥኩሉ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ው ሽጢ 30 መዓልቲ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ይቕረብ። እንተዘይቀረበ ግን ኦሪጅናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ናብ ስም ዓዳጊት ከመሓላለፍ ምዃንና ንሕብር።

ዓውድያ መሓመዓሊ መሓመድ

ኣብ ዞባ -ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ-ሓሙስ ምም/ከ/ሓዝሓዝ፡ ናይ ቅድም መዘዙብ ኣስመራ ዞባ (6) ምም(04) ብቑምስክር 102460 መወከሲ ቁጽሪ 104944 ጎደና 11፡ ቁ.ገዛ 9,15፡ ስፍሓት መሬት 225 ት/ሜ ቁ/ሎታ 16፡ ፓርሰል N ቀንዲ ክፍልታት 8 ሓገዝቲ ክፍልታት 4 ዘለዎ፡ ብስም ወረስቲ ሓጂ ዓብደልቓድር ኣሕመድ 1. መሓመድኣማን ዓብደልቓድር ኣሕመድ 2. ወ/ሮ ጀሚላ ዓብደልቓድር ኣሕመድ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ መንበሪ ገዛ፡ መሓመድኣማን ዓብደልቓድር ኣሕመድ ካብ ብጽሒቱ ዝኾነ ኣብ ቤት ፍርዲ ሸሪዓ ዞባማእከል ቀሪቡ ብወህብቶ ስለ ዝሃበ፡ ስም ዋንነት ድማ ናብ ስመይ ከመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ኦሪጅናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጽም ምዃንና ንሕብር።

ወ/ሮ ረቅያ ኣደም ሓምድ

## ምልክታ ጨረታ

ሸያጢ፡ ምውጋን ንብረት መንግስቲ

ኣገባብ መሸጣ፡ ዕሹግ መሸጣ ሃገራዊ

ምውጋን ንብረት ብመንግስቲ ኣብ መኻዘን ኩባንያ ሓራት ንዝርከብ ብዙሒ ዘለዎ ዝተፈላለየ ንብረት ክሽይጥ ንኹሎም ሕጋውያን ዓደግቲ ይዕድም።

1. መሸጣ ንኹሉ ሕጋዊ ፍቓድ ንግዲ ዘለዎ ክፉት እዩ።
2. ተሳተፍቲ

- ዝተሓደሰ ናይ 2025 ፍቓድ ንግዲ
- ትሕጃ 100,000.00 ናቕፋ ብቸክ

ሒዞም ናብ ቤት ጽሕፈት ምውጋን ንብረት መንግስቲ (ፊሮቪያ) ብምቕራብ

ካብ 16/09/2026 ዘይምለስ 50.00 ናቕፋ ብምኽፋል ፕሮፎርማ ብምውሳድ ዘቕረብዎ መወዳደሪ ዋጋ ክሳብ ዕለት 29/09/2026 ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ኣብ ሳጹን ጨረታ ከእትዉ ይሕተቱ።

3. ጨረታ፡ ሰሉስ ዕለት 29/09/2026 ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ኣብ ቤት ጽሕፈት ምውጋን ንብረት መንግስቲ (ፊሮቪያ) ይኽፈት።
4. ንብረት ኣብ መኻዘን ኩባንያ መርሓኖ ብኣካል ብምምጻእ ክርእዩ ይኽእሉ።
5. ተሳተፍቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ቤት ጽሕፈት ምውጋን ንብረት መንግስቲ (ፊሮቪያ) ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
6. ምውጋን ንብረት መንግስቲ ብምሉእ ወይ ብከፊል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ምውጋን ንብረት መንግስቲ
ቴሌፎን 120370

ኣባላት ሰብ ብርኪ ዋይ ኤን ቢ ሓ.ዝ.ብ.ማ ብዕለት 13 ኑሓሰ 2026 ኣብ ዘካየዶ ዘይስሩዕ ኣኼባ፡ እዚ ዝስዕብ ውሳነ ኣሕሊፎም ኣለው።

1. ኣቶ ይክኖኣምላክ ገብረማርያም ጅገር ኣብ ዋይ ኤንድ ቢ ሓ.ዝ.ብ.ማ ዘለዎ 250 ብርክታት ዋጋ 1 ነፍሲ ወከፍ ብርኪ ናቕፋ 1000.00 (ሓደ ሽሕ) ንወ/ሮ ራህዋ መሓመድኑር ዓብደላ ብጠቕላላ ዋጋ 250,000.00 (ክልተ ሚእትን ሓምሳን ሽሕ) ሸይጡላ ኣሎ።
2. ወ/ሮ ብስራት ብርሃ ተኽስተ፡ ኣብ ዋይ ኤንድ ቢ ሓ.ዝ.ብ.ማ ዘለዋ 250 ብርክታት ዋጋ 1 ብርኪ ናቕፋ 1000.00 (ሓደ ሽሕ) ንማሕፉዛ መሓመድ ሐሴን ብጠቕላላ ዋጋ 250,000.00 (ክልተ ሚእትን ሓምሳን ሽሕ) ሸይጣትላ ኣላ።
3. ኣቶ ኣሕመዲን ሰዒድ ሓምድ፡ ቁጽሪ ዋንነት 400175-00035 ንዘይተወሰነ እዋን ኣካያዲ ስራሕ ኮይኑ ተመዚዙ ኣሎ።
4. በዚ መሰረት፡ ተሪፉ ዘሎ ብርክታት ኣባላት ከምዚ ዝስዕብ ይኸውን።

| ስም ኣባላት | ቁጽሪ ብርክታት | ጠቕላላ ድምር |
|---|---|---|
| 1 ወ/ሮ ራህዋ መሓመድኑር ዓብደላ | 250 | 250,000.00 |
| 2 ማሕፉዛ መሓመድ ሐሴን | 250 | 250,000.00 |

ዋይ ኤን ቢ ሓ.ዝ.ብ.ማ

ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ገጀረት ፕሎት 4 ፓርሰል L ቁ. ፓርሰል ዞን ASP00001688 ዚፕ ኮድ 1A179 ጎደና 179-6 ዝርከብ ገዛ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብመለለዪ ቁጉበረት 1፡912165/1 ብስም ኣዴና ነ/ሄር ሉቱ ተሰፋማርያም ሞሳዘጊ ዝተመዝገበ ብውርሲ ዝረኸብናዮ ገዛ ናብ ስምና ከመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተር ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ኦሪጅናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጽም ምዃንና ንሕብር።

ወ/ሮ ጉብርኤላ ተሰፋማርያም ተኽለ
ኣቶ ኣብርሃም ተሰፋማርያም ተኽለ

ብስም ሓረግ ኣለም ተኽስተ፡ ኣብ ዓዲ ከባቢ ጻዕዳ ክርስትያን ብመወከሲ ቁጽሪ 1723 ቁጽሪ ምስክር ወረቐት 8466 ፕሎት 155 ፓርሰል I ንመንበሪ መዓላ ዝተዓደለኒ ምስክር ወረቐት ስለ ዝጠፍኣኒ፡ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝብል እንተሎ፡ ብቁጽሪ ስልኪ 07121812 ክሕብረኒ። እንተዘይረኺበዮ ግን መተካእታኡ ንዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ሓረግ ኣለም ተኽስተ

ኑቲ ኣብ ኣስመራ ዞባ 6 ምም/10 ጎደና 800 ቁ.ገዛ 164 ስፍሓት መሬት 122.30 ት/ሜ ቁ.ሎታ 51 ቁ.ፓርቸላ "C" ብሮዝያዊ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ቁ.ምስክር ወረቐት 104842 መወከሲ ቁ121078 ብስም ርዝና ሚካኤል ገርሽ ዝተመዝገበ ብውርሻ ዝረኸብናዮ፡ ናብ ስም ወረስቲ ከመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ነዚ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተር ይቕረብ።

ክብሮም ዑቕባልደት ሚካኤል

ብስም ጳውሎስ ዘርኣይ ጉብረገርግሽ፡ ኣብ ዓዲ/ከባቢ ዓ/ኣቤቶ ብመወከሲ ቁጽሪ 000906 ቁጽሪ ምስክር ወረቐት 004215 ፕሎት 37 ፓርሰል J ንመንበሪ መዓላ ዝተዓደለኒ ምስክር ወረቐት ስለ ዝጠፍኣኒ፡ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝብል እንተሎ፡ ብቁጽሪ ስልኪ 07133327 ክሕብረኒ። እንተዘይረኺበዮ ግን መተካእታኡ ንዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ጳውሎስ ዘርኣይ ጉብረገርግሽ

ዶ/ር ማርያ ፍራንካ ሉብራኖ፡ ዝተፈቕደለን ናይ ፋርማሲ ንግዳዊ ትካለን "ኢምፐሮ ፋርማሲ" (IMPERO PHARMACY) ተባሂሉ ክሰየመለን ስለ ዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ እንተዘይኣቕሪቡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ወሽጣዊ ንግዲ

## NOTICE

Notice is hereby given to the public that the shareholders of **ERITEC PRIVATE LIMITED COMPANY,** on their Extraordinary General Meeting held on the 28th day of July, 2026, have resolved that; Pursuant to 1st Instance Court of Asmara's judgment under file No. MK2026C12CVF1220 on 15/07/2026 that the late Mr.Leakemariam Ogbamichel's 725 shares per value of 1,000.00 (One Thousand Nakfa) Nakfa have been transferred to Mrs. Alganesh Tekeste.

**ERITEC PRIVATE LIMITED COMPANY**

# "ብዘይሕለል ደገፍ ወለድን ምትብባዕ መማህራንን ኢና ተዓዊትና" ተሸለምቲ ተማሃሮ

ዮሴፍ ሃየለማርያም

2ይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ደንደን ኑፀም ኣብ ማትሪክ 2026 ካብ 3.0 ክሳብ 4.0 ዘምጽኡ ተማሃሮኣ ኣተባቢዑ፡፡ ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ'ቲ ኢጋጥሚ፡ ካብቶም ብዙሓት ንገለ ኣብቲታውያን መማህራን ከም'ኡ'ውን ኑቲ ቤት ትምህርቲ ኣሰታት ሓደ ሚልዮን ዕምባባታት ተኺሉ ንዘወቕቦ ዘሎ ክኢላ ኢታኸልትን ዕምባባታትን ኣቶ የማነ ተሰፋይ'ውን ናይ ኣፍልጦ ሽልማት ተዓዲሉ፡፡

ኣብ'ቲ ብቐዳም 22 ነሓሰ፡ ብዕምባባታትን ኣግራብን ኣብ ዝወቐበ ቀጽሪ ናይ'ቲ ቤት ትምህርቲ ዝተኻየደ ስነስርዓት ምዕዳል ሽልማት፡ ሓላፊት ጨ/ት/ን/ዞ/ደ/ ምብራቕ መም/ ኣሰካሉ ፍስሃየ፡ ሓላፊ ምም/ፋይናንስን ጨ/ት/ዞ/ማእከል መም/ ማሰፍን ወልደስላሴ፡ ኣመሓዳሪ ን/ዞ/ ገጀረት ኣቶ ሃይለ መለስ ዝርከብዎም ሓለፍቲን መማህራንን፡ ኮሚቴ ወለድን ወለዲ ተሸለምትን ተረኺቦም ነይሮም፡፡

እቲ መደብ ብዘኽረ ሰማእታት ምስ ዝጀመረ፡ ዳይረክተር ናይ'ቲ ቤት ትምህርቲ መም/ ዳኒኤል ሃብተ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ንኹሎም ዕዱማት ኢጋይሹ፡ ተሸለምቲ ተማሃሮን ወለዶምን እንቋዕ ብድሓን መጻእኩም ድሕሪ ምባል፡ ተሸለምቲ ተማሃሮ፡ ብሉጽ ነጥቢ ብምምጻእ ስሞምን ስም ቤት ትምህርቶምን ንምኹላዕ ዝገበርዎ ጻዕርን ዓወትን ኣመስጊኑ፡፡ መም/ ዳኒኤል ኣሰዒቡ፡ ሎሚ ዓመት 64 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 103 ተማሃሮኦም ካብ ሰለስተ (3.0) ክሳብ ምሉእ ነጥቢ (4.0) ብምምጻእ ንሽልማት ከም ዝጠቕዑ ገሊጹ፡፡ ኣብ'ዚም


ተማ. ኒያት ምስ ወለዳ

ተሸለምቲ ተማሃሮ፡ እቶም 24 ምሉእ ነጥቢ ዘምጽኡ ምኳኖም ጠቒሱ ከኣ፡ እዚ ዓወት፡ ሳላ ሓያል ጻዕሪ ተማሃሮ፡ ወለዲ፡ ቤት ትምህርትን መማህራንን ዝተረኽበ ምኳኑ ብምግላጽ፡ ቤት ትምህርቲ ብውጽኢት ናይ'ዞም ተማሃሮ ኩርዓት ከም ዝተሰመዖ ኣገንዚቡ፡፡ ትምህርቲ ሓያል ጥበብ እናተሓወሶ ወትሩ እናተኣድቀ ዝኸይድ ዓውዲ ምኳኑ ዝጠቐሰ መም/ ዳኒኤል፡ ኣብ'ዚ ልዑል ብቕዓትን ክእለትን ዝውንኑ ተወዳደርትን ብዲሲፕሊን ዝተሃንጹን ተመሃሮ ንምፍራይ ዝካየድ ዘሎ መድረኽ፡ ብሕጂ'ውን ተማሃሮ

ተሸለምቲ ከም ቀደምም ኣብርቲዖም ክጽንዑ፣ ተራ ወለድን መማህራንን ድማ ብዓጸፋ ክዛይድ ኣዘኻኺሩ፡፡

ብሉጽ ነጥቢ ዘመዝገቡ ተማሃሮ፡ ኣስማቶምን ዘምጽእዎ ነጥብን ብቡሉዱ እናተጸውዐ፡ ብዕልልታን ጣቕዒትን ሕቑፍ ዕምባባን ወለዲ ተሰኒዮም፡ ዝተዳለወሎም ሽልማት ካብ ኢድ ሓለፍቲ ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ኣመሓደርትን


መም. ሙሉጌታ የማነ

ኮሚቴ ወለድን ምስ ተቐበሉ፡ ንገለ ካብ ተሸለምትን ወለዶምን ሓሳቦም ክገፍሉና ተወከስናዮም ነይርና፡፡ ፈለማ ዝተወከፍናያ፡ 3.6 ነጥቢ ብምምጻእ ዝተሸለመት ተማሃሪት ኒያት ሹመንዲ'ያ፡፡ ከም'ቲ ዝኾነ ሰብ ከይጸዓረ ዘይዕወት፡ ንሳ'ውን ነዚ ነጥቢ ብሓያል ውልቃዊ ጻዕራን መጽናዕትን ከም ዘምጽኣቶ ብምሕባር፡ ዘይቋረጽ ደገፍ ወለዳን ምትብባዕ መማህራናን'ውን ኣካል ዓወታ ምንባሩ ትገልጽ፡፡ ኣብ ሳዋ፡ ትዕግስቲ፡ ተጻዋርነትን ሓበርነት ምንባርን ከም ዝተማህረት ዝገለጸትልና ተማሃሪት ኒያት፡ ኣብ ዝቕጽል ናይ ኮለጅ ትምህርታ፡ ጻዕራን መጽናዕታን

ብምሕያል፡ ብዝለዓለ ደረጃ ትምህርታ ክትቕጽል ተዳልያ ከም ዘላ ኣረዲኣ፡፡ ወላዲኣ ኣቶ ሽመንዲ ጉብረኪዳን - ኣባል ቤት ጽሕፈት ጠቕላሊ ኦዲተር ብዝሃቦ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ መንግስቲ ንዜጋታቱ ኣብ ትምህርቲ ዝገብሮ ዘሎ ገዚፍ ባጀት፡ ጻዕሪ ናይ መማህራን፡ ወለድን ናይ ኩሎም ኣለይትን ተሓዊሱዎ፡ ጓሉ ከምዚ ዓይነት ውጽኢት ከተምጽእ ምኽኣላ ልዑል ሓበንን ኩርዓትን ከም ዝሰምዖ ገሊጹ፡፡ ኒያት ካብ ቅድመ ትምህርቲ ጀሚራ ምስ ወለዱ፡ መማህራናን መማህርታን ጸቡቕ ዝምድናን ምሕዝነትን ሒዛ ከም

ዝተማህረት ጠቒሱ ከኣ፡ ብውልቁ'ውን ዘድልያ እናማልአ ሓልዮትን ምክትታልን ከም ዝገበረላ ሓቢሩ፡፡

ተማሃሪት ቁዝላን ጀማል ዐመር'ውን 3.4 ኣምጺኣ ዝተሸለመት'ያ፡፡ ንሳ፡ ነዚ ዓወት ክትጎናጸፍ ዝኸኣለት፡ ንመጽናዕቲ ግዜ ሂባ ሳላ ዝጸዓረትን ዝተገደሰትን ምኳኑ ሓቢራትና፡፡ ወለዳ'ውን ብቑጹሊ ይሕግዙዋን የተባብዑዋን ከም ዝነበሩ ጠቒሱ፡ እዚ ዓወት ንዓኣም ዝምልከ ምኳኑ ገሊጹ፡ ኣብ ሳዋ፡ ኣሕዋት ኮይንካ ብሓንሳብ ምንባር፡ ብሓንሳብ ምጽናዕ ምትሕግጋዝን ካብ'ቲ ዝተማህረቶ ምኳኑ ብምሕባር፡ ኣብ ኮለጅ ምስ ኣተወት'ውን ብተመሳሳሊ ሜላ ትምህርቲ ክትቕጽል ድልውቲ ከም ዘላ ኣረዲኣ፡፡ ወላዲታ ወ/ሮ ሓናን ዐስማን ከኣ፡ ፍሪ ጻዕሪ ጓላ ክትርኢ ምብቃዓ ኣመና ከም ዝተሓጎሰት ብምግላጽ፡ ቁዝላን ተቐቢላቶ ዘላ ሽልማት፡ ኣብ ቀጻሊ ኣብርቲዓ ኣጽኒዓ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ክትበጽሕ ሓላፍነት ዘሰኽም ምኳኑ ሓቢሩ፡፡ ንጓላ ከም መሓዝኣ ኮይና ከም እትከታተላን ከም እትሕግዞን ብምሕባር ከኣ፡ ወለዲ ንደቆም ተመሳሳሊ ሜላ ክጥቀሙ ኣዘኻኺራ፡፡

ተማሃራይ ይናቢኤል ህያቡ ድማ፡ ምሉእ ነጥቢ (4.0) ኣምጺኡ ዝተዓወተን ዝተዳለወሉ ሽልማት ዝተረኸበ'ዩ፡፡ ምስጢር ዓወቱ፡ ምሕደራ ግዜ ምኳኑ ዝገልጽ ተማሃራይ ይናቢኤል፡ ነተን ዝተዋህባኦ ግዜ ብግቡእ እናተጠቐመ ስለ ዝተማህረን ዘጽንዐ፡ ነዚ ዓወት ክሓፍስ ከም ዝበቕዐ ሓቢሩ፡፡ ምስኡ'ውን ምኽሪ መማህራንን ወለድን፡ ኣብ ዓወቱ ልዑል ተራ ከም ዝነበሮ ገሊጹ፡፡ ተማሃራይ ይናቢኤል፡ ጽልዋ መዛና ኣብ'ቲ ንሓደ ተማሃራይ ምስ ምሉእ ዓቕሙ ክሓፍስ ክስተርፍን ዝኸውን ምኳኑ ብምግላጽ፡ ብሕጂ ዝፍተኑ ተማሃሮ፡ ካብ ጽልዋ መዛና ክርሕቑ መኺሩ፡፡ ተራ ወለዱ ኣብ ኩሉ ጉዕዞ ናይ ትምህርቱ ልዑልን ዘይርሳዕን ምኳኑ ገሊጹ ከኣ፡ እዚ ዓወት ንዕኦም ከም ዘወፍዮ ሓቢሩ፡፡ ወላዲኡ ኣቶ ህያቡ ጉብረማርያም ብወገኑ፡ ይናቢኤል ወዱ፡ ካብ መጀመርያኡ ንዓቕሙ ማስተዋዓልን ምንባሩ ብምግላጽ፡ ብወገኑ ከም ኩሉ ወላዲ ዓቕሙ ዘፍቅዶ ይሕግዞን የተባብዖን ከም ዝነበረ ገሊጹ፡፡ ኣብ መወዳእታ ከኣ ምሉእ ነጥቢ ኣምጺኡ ፍረ ጻዕሩ ብዓወት ክሓፍስ ምብቃዑ ኣዝዩ ከም ዘሐጎሶ ኣረዲኡ፡፡ "ከምቲ ንሓደ ግራት ኩሉ ነገር እንተ ጌርካሉ ምእኩት ምህርቲ'ን ፍረን ዝህበካ፡ ወላዲ ድማ ልክዕ ከም ግራት ስለ ዝኾነ፡ ወለዲ ኣብ ልዕሊ ደቅና ከይተሓለልና ዘድሊ ወፍርን ኣበርክቶን ክንገብር ይግባኣና" ክብል ተላብዩ፡፡

ተማሃሪት ሜሪ ያፌት'ውን 3.6 ኣምጺኣ ዝተሸለመት'ያ፡፡ ንሳ፡ ነዚ ዓወት ዝጠቕዐት፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ብቤት ትምህርታ ዝወሃባ ትምህርቲ፡ ተወሳኺ ናይ ሓገዝ ትምህርቲ እናወሰደት፡ ምስ ብጾታ ኮይና እናጸንዐት ብዙሕ ስለ ዝጸዓረት ምኳኑ ገሊጹ፡ ናይ ወለዳ ማዕዳን ምትብባዕ'ውን ካብ ጎድና ከም ዘይተፈልየ ብምሕባር፡ ንለዳን መማህራናን ኣመስጊና፡፡ ሓደ ተማሃራይ ክዕወት እንተ ኾይኑ፡ ናብ ዘበለጭልጭ ነገራት ምጥማት ገዲፉ፡ ምሉእ ኣደህቦኡ፡ ዓቕሙን ሓይሉን ኣብ ትምህርቲ ክገብር ከኣ ኣዘኻኺራ፡፡ ወላዲታ ወ/ሮ ግደይ በርሀ ብወገና፡ ሜሪ ጓላ ብናታ ተበግሶን ጻዕርን ኣብ'ዚ ደረጃ ክትበጽሕ ምብቅዓ ኣመና ሕጉስትን ሕጉስትን ምኳና ብምግላጽ፡ ብወገና'ውን ጸቡቕ ባይታ እናፈጠረት፡ ብኸፋት ልቢ መሓዙ

ገይራ ትሕግዞን ተተኣዝዞን ምንባራ ሓቢራ፡፡

ተማሃራይ ዳኒኤል ፍጹም ከኣ፡ ምሉእ ነጥቢ (4.0) ኣምጺኡ፡ ክሽለም ዝጠቕዐ'ዩ፡፡ ንሱ፡ ሳላ ውልቃዊ ጻዕሩን መጽናዕቱን ዘይሕለል ደገፍ ምክትታልን ወለዱን መማህራኑን ኣብ'ዚ ዓወት ክበጽሕ ከም ዝኸኣለ ብምግላጽ፡ ኣካል ዓወቱ ንዝኾኑ መማህራኑን ኣለይቱን ኣመስጊኑ፡፡ ሽለልትኡ፡ ጸቕጢ መዛኣናን ድቃስን፡ ካብ'ቶም ንሓደ ተማሃራይ ኣብ ትምህርቱ ክሓምቕ ዝገብርዎ ጠንቅታት ስለ ዝኾኑ፡ ብሕጂ ዝፍተኑ ተማሃሮ ዝኣቶዖም ክቕሕሉሎምን


መም. ዳኒኤል ሃብተ

ደንደን ንዘወሰዱ ሰናይ ተሞክሮ ንኢዱ፡፡ እዞም ብኹሉ ብሉጻት ኮይኖም ንሽልማት በቒዖም ዘለዉ ዕውታት ተማሃሮ ድማ


ተማ. ይናቢኤል ምስ ወለዱ

ኣጸኒዖም ክዕወቱን መኺሩ፡፡ ወላዲቱ መም/ መድህን ስዩም'ውን ብመንፍዓትን ሽልማትን ዳኒኤል ወዳ ኣዝያ ከም ዝተሓጎሰት'ያ ገሊጻትልና፡፡ ብወገና፡ ከም መምህር መጠን ንወዳ ካብ ግዜ ንእስነቱ ጀሚራ ንግዜኡ ብግቡእ ክጥቀመሉን ከጽንዕን ትሕግዞ ምንባራ ጠቒሳ፡ ባዕሉ'ውን ሓላፍነት ተሰሚዕዎ ትምህርቱ ዝቢታተል ምኳኑ ሓቢራ፡፡


ተሸለምቲ ሜሪን ቁዝላን ምስ ወለደን

ኩሎም ወለዲ ኣብ ምክትታል ደቆም ተስፋ ከይቖረጹ ክቕጽሉ'ውን ተላብያ፡፡

ንተሸለምቲ ተማሃሮ ንምትብባዕን ሞራል ንምሃናጽን ኣብ'ቲ ኢጋጥሚ ካብ ዝተረኽቡ ሓደ፡ መም/ ማሰፍን ወልደስላሴ ሓላፊ ምም/ፋይናንስን ጨ/ት/ዞ/ማእከል'ዩ፡፡ ንተሸለምቲ ተማሃሮ ኣመልኪቱ ካብ ዘስመዖ መልእኽቲ ድማ፡ 2ይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ደንደን ካብ'ተን እንጸብየን ኣብያተ ትምህርቲ ሃገርና ምኳና ብምሕባር፡ በቲ ዝተረኽበ ውጽኢት ሕጉስ ምኳኑ ገሊጹ፡፡ ተዓዊቶም ዘለዉ ተማሃሮ፡ ናይ ኮለጅ ትምህርቲ ብርቱዕን ሓያል ውልቃዊ ጻዕሪ፡ ንብዙሕ መጽናዕትን ዝሓትት ምኳኑ ተገንዚቦም፡ በዚ ኣመዛዚኖምዎ ዘለዉ ውጽኢት ከይተዛዙዑ፡ ንዝለዓለን ዝበለጸን ውጽኢት ጻዕሮም ኣዛይዶም ትጽቢት ህዝቦምን መንግስትን ክሰምሩ ኣዘኻኺሩ፡፡

ኣመሓዳሪ ን/ዞ/ገጀረት ኣቶ ሃይለ መለስ ብዝሃቦ፡ ንዕውታት ተማሃሮ ሽልማት ድሕሪ ምዕዳል ኣብ ዝሃቦ ናይ ለበዋን ምኽርን ቃል፡ ከምዚ ዓይነት ምትብባዕ ኣብ ትምህርቶም ዝያዳ ሓይሪ ዘሰቕሞምን ንኻልኦት ተማሃሮ ንኽብፍዑ ቅዱስ ቅንኢ ዝፈጥርን ምኳኑ ምግላጹ፡ ቤት ትምህርቲ ሳላ ዘይሕለል ጻዕሪ ናይ ወለድን ቤት ትምህርትን ኣብ'ዚ ደረጃ'ዚ በጺሖም ከም ዘለዉ ተረዲኦም፡ ኣብ ዝቕጽል ጉዕዞ ትምህርቶም፡ ባህሎምን ስነምግባሮም ዓቂቦም፡ ኣብ ትምህርቶም ኣብርቲዖም ክሰፍዑን ክጥንቀቑን መኺሩ፡፡

ሓላፊ ምም/ፋይናንስ 2ይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ደንደን መም/ ሙሉጌታ የማነ ብዝሃቦ፡ ቤት ትምህርቶም ዓመት መጽአ ብሉጻት ተማሃሮ ንምፍራይ፡ ምስ ኮሚቴ ወለዲን መማህራን ብምኳን ዘይሕለል ጻዕሪ ከም ዝካየዱ ብምግላጽ፡ ተረኺቡ ዘሎ ዓወት ድማ ወጽኢት ናቱ ምኳኑ ሓቢሩ፡፡ መም/ ሙሉጌታ ኣሰዒቡ፡ መድረኻት ትምህርቲ ስለ ዘይዛዘም፡ ተሸለምቲ ከም ቀደምም ኣብርቲዖም ክሰርሑ ብምዝኽኻር፡ ልዑል ብቕዓትን ክእለትን ዝውንኑ ተወዳደርትን ብዲሲፕሊን ዝተሃንጹን ተመሃሮ ንምፍራይ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ፡ ተራ ወለድን መማህራንን መሊሱ ክዕቢ ኣተሓሳሲቡ፡፡

ሓላፊት ጨ/ት/ን/ዞ/ደ/ ምብራቕ መም/ ኣሰካሉ ፍስሃየ ኣብ መወዳእታ፡ ወለዲ ካብ ቤት ትምህርቲ ከይተፈልዩ ብምክትታልን ኣብ ገዛ ዘድሊ ሓገዝ ብምግባርን ንተማሃሮ ደቆም ኣብ'ዚ ደረጃ ንኽበጽሑ ንዝገበርዎ ጻዕሪ ድሕሪ ምምስጋን፡ ተሸለምቲ ተማሃሮ'ውን ኣብ ናይ ኮለጅ ጉዕዞ ትምህርቶም ኣብርቲዖም ክጽዕሩ ኣዘኻኺራ፡፡ ንኹሎም መማህራንን ሓለፍትን ቤት ትምህርቲ ደንደን'ውን፡ እንቋዕ ሓጎሰኩም ድሕሪ ምባል፡ ኣብ ዝቕጽል ዓመት ዝያዳ ተማሃሮ ክሕልፉ ጻዕርም ክዛይዱ ተላብያ፡፡


ተማ. ዳኒኤል ምስ ወላዲቱ

# ካብ ዘባታት

## ፈስቲቫልን ባህልን

መብራህቶም ጉብረሂወት
ህ/ር/ሚ/ ሕርሻ - ጋሽ-ባርካ



ባህሊ ኣብ ኩሉንትናዊ ህይወትን ናብራን ደቂ ሰብ ብሰፊሑ ዝንጸባረቕ እዩ። ባህሊ ኣብ ምንባርን ምንብባርን ዝጸንሐ፡ ዘሎን ዝቕጽልን እዩ። ኣብ ኣእምሮን መንብሮን ዝሰፍረ ወይ ዝህሉው ቀንድን ኣውራን ዓንዲ ሕቝ ህይወት ብምዃን ዘገልግል መተዓደዩ ንዋት ክበሃል'ውን ይክኣል። ባህሊ ተተይ እናበለ ዝፍጠር፡ ዝጽንበርን ዝምዕብልን ደኣ'ምበር ዱብ ኢሉ ዝኸሰት ወይ ዝሕወስ ወይ'ውን ዘጉላዕልዕ ኣይኮነን። ''ባህሊ እንታይ እዩ'' ብዝብል ሕቶ ሊቃውንቲ ብብዙሕ ኣገባባት ይገልጽዎ እዮም። ኮይኑ ግና ባህሊ እናተወሰኸን እናተቐያየረን ዝስጉም ብዙሕ ሕብርታት ወይ ዓይነታት ስለዘለዎ፡ እንታይነት ወይ ማለትነት ባህሊ ካብ ምግላጽ ንላዕሊ፡ ኣብ ባህሊ ዝሕቆፉ ነገራት ወይ ባእታታት ብዝርዝር ምግላጽ ይቐልሎም። መብዛሕትኦም ቀለም ቀመስ ' ባህሊ ተለዋዋጢ ባህርያት ወይ ጠባያት ዘውንን ኮይኑ ንኹሉ መዳያት ህይወት ማለት ምንብባርን ኣካይዳታትን ደቂ-ሰብ ዝጠምርን ዘንጸባርቕን ምዃኑ ይሰማምዑ። ባህሊ ልክዕ ከም ቋንቋ ይውለድ፣ይዓቢ፡ ይመውት እዩ። ይምዕብል ወይ ይመሓየሽ ድማ እዩ። ብእወታ ርኢና ድሕር ዝበለ ባህልታት ኣብ ገለ ሸነኻቱ ክመሓየሽ ኣለዎ ኢልና እንተኣሚንና በንጻሩ ባህሊ ክጠፍእ ወይ ክመውት ግና ክነፍቅድ ኣይነኽእልን።

ኣምር 'ዘገምታ' ኣብ ባህሊ ኣሎ። ዘገም እናበለ ይኣቱው ዘገም እናበለ ይወጽእ። ከም ባህሊ 'ሰላሕታ' የሎን። ብሰላሕታ ዝኣተወ ነገር ድማ ሰናይ ይኹን ግናይ መንገዲ መዝሐ.ቕካ ምውጻእ ወይ ምግላፍ ዝኸበደ ይኸውን። ስለዚ ዝጠረኻዩ ጽቡቕ ባህሊ ብቐሊሉ ኣይጠፍእን እንተኾይኑ፡ ዝሰረጸ ኣሰካፊ ባህሊ ካብ ሕብረተ-ሰብካ ኩተልቅቖ ኣዝዩ ይኸብድ። ምኽንያቱ 'ሰላሕ-ጉልዱም'' እዩ። ስለምንታይ'ሲ ለመም እናበለ ኣብ ደምን ኣንጉዕን ሰባት ናይ ምእታው ጠባያት ስለዘለዎ።

ዘመናዊ ስነ-ፍልጠት ኣብ ዓለምና ከም ዘስተምህሮ፡ ኣብ ትሕቲ ድባብ ባህሊ ዝጥርነፉ ዝርዝራት 'እዚ.ኣቶም እዮም' ኢልካ ጠቒስካ ክተቐምጦም ዝከኣል ዘይምዃኑ ይጠቅስ። ምኽንያቱ ኣነባብርን ወግዕን ህዝብታት ማለት ኣበየ ሃገራት ዝነብሩ ሕብረተ-ሰባትን እተፈላለዩ ብምዃኖም። ከመይ'ሲ እቶም ባህልታት ኣብ ገለ ሕብረተ-ሰባት ልሙዳት ኣብ ገለ ሕብረተ-ሰባት ድማ ዘይልሙዳት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ገለ ህዝቢ ቅቡላት ኣብ ካልእ ህዝቢ ዘይቅቡላት ዝኾኑሉ እዋናት ኣሎ'ዩ።

ካብ'ዚ ሓሊፉ ዓይነታት ባህሊ ኣብ ዝተወሰና ሃገራት 'ክብሪ' ኣብ ካልኦት ሃገራት ድማ ' ነውሪ' ዝቒጸሩሉ ተርእዮ የጋጥም ምኳኑ ምትንካህ ኣይጽላእን። እዚ እናኾነ ብዓንደ ርእሱ ባህሊ ኣብ ክልተ ምድባት ተመቒሉ እዩ ዝረአይ። ዝጭብጦ ባህልን ረቂቕ ባህልን ተባሂሎም ከኣ ይግለጹ። ኣብ ዝጭብጦ ባህሊ ዝጥርነፉ ውርሻታት ከም'ኒ ጥንታውያን ሓድግታት፡ ርኽበታት፡ ቅርስታት፡ስልማታት፡ ቅርጺ-ቅርጺ ታሪኻውያን ቦታታት፡ ያታዊ ናውቲ ሙዚቃ፡ ያታዊ መዐቀኒታት/መስፈሪታትን ካልኦትን የጠቓልል። ብተወሳኺ ምሁራን ስነ-ጥንቲ ኣብ ጽዑይ ምርምራት ተመርኲሶም ዝምድና ባህልን ኣከባብን ብመርትዖ ብምትእስሳር፡ ኣከባቢ ርእሱ ዝኸኣለ ባህላዊ ውርሻ ምዃኑ የረድኡ። ባህሊ ኣብ ኩሉን ምስ ኩሉን ኣሎ። ኣብ መሬት፡ ባሕሪ፡ ደሴታትን ኣከባቢን ኮታስ ኣብ ኩሉ ይርከብ። ካብ'ዚ ሓቂ እዚ ብምብጋስ ባህልታታት ምስ ኩሎም ህይወታውያንን ዘይህይወታውያንን ነገራት ብምንጽጻር ክዝተየሎምን ምርምራዊ ስርሓት ክግበረሎምን ግድነት ይኸውን።

ረቂቕ ባህሊ ተባሂሎም ዝምደቡ ኩበርታት፡ ወግዒታት፡ መነባብሮ፡ ጥበባት፡ ብሂላት፡ ኣፋዊ ግጥምታት፡ ምስላታት፡ ልምዲታት፡ ብልሓታት፡ ቋንቋታት፡ መንፈሳዊ እምነታት፡ ያታውያን ሕግታት፡ ወዘተ. የጠምር። ንባህሊ ባህሊ ዘብልዎ ዝተፈላለዩ ረቛሒታት ምህላዎም እኹል ግንዛበ ክጭበጥ የድሊ። ምኽንያቱ እኹል ግንዛበ ዝግባእ ተገዳስነት ናይ ምፍጣር ተኽእሎኡ ዕዙዝ ስለዝኸውን። እምበኣር ዝጭበጡ ይኹኑ ረቀቕቲ ባህልታት ክንዲ ምንታይ ኣድለይቲ ምዃኖም ካብ ኣገዳስነቶም ምርዳእ ይክኣል። ነዞም ኣዝዮም ኣገደስቲ ባእታታት ናይ ባህሊ ብዝግባእ ከይዓቀብናን ከይኣማዕበልናን ዝበጽሕ ስልጣነ ወይ ብልጽግና ምሉእነት ኣይርከቦን። ካብዚ መትከል ብምብጋስ ኩሎም ባእታታት ባህሊ ዕቱብ ቀላሕታ ክግበረሎም ከም ዘድሊ ኣየማትእን።

ንኣብነት ቋንቋ ኣልዒልና ክንጠቅስ እንተፈቲንና፡ ቋንቋ መሰረታዊ ባእታን ዓንዲ ሕቖን ባህሊ ኮይኑ ይጸንሓና። ዝርርብ ብቋንቋ ይካየድ። ምብህሃል ናይ ሰባት ብልሳናት (ቋንቋታት) ብመገዲ ቃላት ወይ ገጺ-ባህሪ ወይ'ውን ምልክታት ክኸውን ይኽእል። ባህሊ ብቃላት ጥራይ እዮም ዝግለጹ ዝብል ግንዛበ/መረዳእታ እውን ኩብቅዕ ኣለዎ። ኣብ ዕለታዊ ህይወት ዝንጸባረቑ ገጺ-ሰምዒታት (gestures) ርእሶም ዝኽኣሉ ባህልታት እዮም። ካብ ገጻት ሰባት ዝምንጭዉ ሓጎስ፡ ሕርቃን፡ ተሰፋ፡ ዕርበት፡ ምምሳጥ፡ ምኽዓብ፡ ምምጓስ፡ ምግናሕ ዝኣመሰሉ ነጸብራቓት ናይ ገጽ ንምንቅስቓሳት ንወስታታት ንናይ ኣካላት ንጉዝእ ርእሶም 'ባህሊ' ምዃኖም ምፍላጥ የድሊ። እቶም ገጺ-ባህርያት ብደቂቕ ክጽንዑ ምእንቲ ኣተኩሮ የድልዮም።

ቋንቋ ዓንዲ ማእከል ባህሊ ምዃኑ ብምርዳእ ፍሉይ ጠመተ ይጠልብ። ከመይ'ሲ ኩሉም ዕዮታት/ኣነባብር ደቂ-ሰብ ካብ መጸውዒ ኣስማት ሰባትን ነገራትን ጀሚርካ ቋንቋ ብምጥቃም ይፍጸሙን ይፈጸሙን። ካብ'ዞም ኣምራት እዚ'ኣቶም ብምብጋስ ኣገዳስነትን ተራን ባህሊ እምብዛ ጎሊሑ ይርኣ። በዚ መሰረት ምኹስኳስን ምድንፋዕን ባህሊ ቅድሚት ዝሰርዕ ዕማም ኮይኑ ንረኽቦ።

ዓንኬል ባህሊ ቀጻሊ ዘንኮርኩር ኣብ ዕለታዊ ህይወት ናይ መነባብሮ ዝሰላሰል ይኹን ደኣ'ምበር፡ ናይ ሕሉፍ ግዜ ባህሊ ከይሃሰስ፡ ህልዉ ባህሊ ከኣ ንቕድሚት ክግስግስ እንተ ተደልዩ፥ ንጥፈታት ዕቃበ፡ ምዕባለን ነጸብራቕን ባህሊ ብሰፊሑ ክሰርሓሉ ዕቱብ ተገዳስነት ይጠልብ።

ባህሊ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተሰጋገረ ኣብ ሕብረተ-ሰብ ይነብር። ምስ ግዜ እናተመሓየሸን እናተሓደሰን ቀጻልቲ ወለዶታት የነብር። ባህሊ ብብዙሕ መዳያት ክዘውተርን ክጎልሕን ይኽእል። መዓልታዊ ናብራ ናይ ስድራ-ቤታትን ማሕበራዊ ርክባትን ብወገኖም ኣብ ምድፋዕን ምስግጋርን ባህሊ ናብ ወለዶታት ግዚፍ እጃም ኣለዎም። ስፍሕ ብዝበለ ግና ባህሊ ኣብ ከም ሃገራዊ ፈስቲቫል፡ ማሕበረ-ኮማዊ ፈስቲቫላትን ያታዊ ፈስቲቫላትን ከምኡ'ውን ኣብ ከም ሃገራዊ በዓላት፡ ዝኽርታትን ጽንብላትን ዝኣመሰሉ መደባት ብመራኸቢ-ብዙሃን እናተፈነወ ናብ ህዝቢ ዝቐርቡ ባህላዊ መሰናድኦታት ኣብ ምልላይን ምውርራስን ባህላዊ ውርሻታት ኣበርክቶኦም ኣመና ዕዙዝ ከም ዝኾነ ይፍለጥ። ምናዳ እኳ ብመገዲ ፈስቲቫል ዝቐርቡ ባህላውያን መደባት ኣድማዕነቶም፡ ኣብ ግብሪ ዝተራእዩ ፍቱናት ተመኩሮታት ምዃኖም ኣይስሓትን። ብትኽክል ፈስቲቫል ኣብ ምጉሕጓሕ ከምኡ'ውን ኣብ ምቅላሕ ጸጋታት ባህሊ ዘለዎም ልዑል ግደ ምስኩር እዩ።

ዛዕባ 'ፈስቲቫል' ኣበጊስካ ብምድህሳስ ንኣምራቱን ኣመታቱን ዝምልከት ዝርዝራት ምቕራብ ኣገዳሲ እዩ። 'ፈስቲቫል ' ዝብል ቃል ካብ ቋንቋ እንግሊዝኛ ዝረዓመ ኮይኑ፡ ትርጉሙ በዓል፡ ፈስታ፡ ድግስ፡ ደስታ ብዝብሉ ቃላት ክግለጽ ወይ ክውከል ይኽእል። ፈስቲቫል ኣብ ግዚፍ ኣደራሽ/ዳስ ወይ ቀጽሪ ኣብ ናይ ሓባር ምትእኽኻብ ዝተፈላለዩ ትሕዝቶታት ዘጠቓልል ንተሳተፍቲ/ነጋድያን ዝኸፈተ መዓልቲ ወይ ቅንያት ምርኢት እዩ። ኣብ ዝተፈላለዩ ኩርንዓት ናይ ዓለምና ማእለያ ዘይብሎም ዓይነታት ፈስቲቫል ይዝውተሩ። እንተኾነ ብሕብረተ-ሰባት ልሙድ ግና ባህላዊ ፈስቲቫል ምዃኑ ይእመን።

ንኣካውንኡ ወይ ኣቀራርብኡ ብዝምልከት ብውሱን ወይ ብጸቢብ ወይ'ውን ብገፊሕ ክዳሎ ይኽእል። ገለ ካብ'ቶም ተጠቀስቲ፡ ባህላዊ ፈስቲቫል፡ ሃይማኖታዊ ፈስቲቫል፡ ኣምልኾኣዊ ፈስቲቫል፡ ያታዊ ፈስቲቫል ይርከብዎም። ኣብ ስርዓት ወይ ኣገባብ ምስንዳኦም ፍልልያት ኣለዎም። ገሊኡ ኣብ ምሒር ፈንጠዝያን ግኡን ምዝንጋዕን ዘድህብ ኣይሰኣንን። ዝበዝሐ ግና ኣዝዩ ምዕሩግ፡ መሃርን ኣዛናዪን ኮይኑ ይርከብ። ፈውስቲቫል ባህላዊ ኣቐርቦታት ብምእንጋድ ኣላላዪ ዕድላት ብምፍጣር ህዝብታት ሓድሕድ ሜላታት መነባብሮ፡ ወግዕታት፡ ልምድታት፡ ባህልታትን ካልእን ዝለዋወጡሉ መድረኽ ብምፍጣሩ ንባህሊ 'ማእከል ስሕበት' ብምባል ክንገልጾ ንኽእል።

ኣብ ዓለም ምስ ምቕልቃል ዓውለማ፡ 'ሕብራውያን ፈስትቫላት' ክውሕዙን ክወዛወዙን ንዕዙብ። ብመገዲ 'ፈስቲቫል' ዝቐርቡ ትሕዝቶታት መሃርቲ፡ ኣስሓቕቲን ኣገረምቲን ኣቀራርባታት ዝሓዙ ይኾኑ። ፈስቲቫል ዝዓበየ ረብሓኡ ክንዮ ፈንጠዝያን ምዝንጋዕን ዝኸይድ ዓቢ ፍልጠትን ተመክሮን ዝቕሰመሉ ምዃኑ ክስመረሉ ይግባእ። ኣውራ ድማ ሃገራዊ ኣተሓሳስባ ኮስኩሱ ህዝባዊ ሕብረት ዘሐይልን ዜግነታዊ ጥምረት ዝፈጥር፣ ኣብ ጉዕዞ ልምዓትን ህንጻትን ሃገርን ድማ ተራ ዝጻወት'ዩ።

ኤርትራ ካብ ጽባሕ ናጽነት ጀሚራ ኣብ ኣድላይነት ፈስቲቫል ዘለዋ ቅኑዕ ኣረኣእያን ንጹር ጠመትን ኣዝዩ ጉሉሕ እዩ። ክንዲ ዝኾነ ኤርትራ ካብ'ተን ኣብ ፈስቲቫል ዕቱብ ተገዳስነት ዘለወን ሃገራት ኮይና፡ ዓመት-መጸኣ ሃገራዊ ፈስቲቫል ብምእንጋድ ንኹሉ ዘሳትፍ ቅንያት ፈስቲቫል ብምውዳድ ኩሎም ዓይነታት ሃገራዊ ግምጃታት ዝጉልሓሉን ዝቃልሓሉን ብልሕን ጥቡብን ዝንጸባረቐሉን ፍልጠት ዝቕሰመሉን ባይታን መድረኽን ብምጥጣሕ ሃገራዊ ባህሊን ዝፈርየሉ፡ ዝዕቀበሉን ዝምዕበለሉን ዕድላት ክፍጠር ምኽኣሉ ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ።

# ንቑሕ ደበና

ሄለን መ'ሽታ

## ገንዘብ እንተ'ሎ፡ ...

### ገንዘብ እንታይ ኮይኑ ይረኣየና፧



ገንዘብ፡ መግዘኢ ንብረት፡ መኽፈሊ ዕዳ፡ ብቕያሩ ኣገልግሎት ክንረኽበሉ ዝኽእል፡ ብኹሉ ሰብ ወይ ሕብረተሰብ ተቐባልነት ዘሎዎ፡ ዝልካዕ ነገር እዩ። እዚ መግለጺ'ዚ ካብ ሰምዒት እልይ ኢልና ንገንዘብ ክንህቦ እንኽእል መግለጺ እዩ። ነቲ፡ ድቃስ ለይቲ ዝኸልእ፡ መዓልታዊ ሰባት ጸለል ኩብል ዘውዕል፡ ብሰበቡ ገበናት ዝፍጸም፡ ሕጊ ዝጠሓስ፡ ሕብረተሰብ ዝሃልቕ፡ ወዘተ፣ 'ገንዘብ' ግን ዝተፈልየ መግለጺ እዩ ዘሎና። ስለዚ፡ ገንዘብ እንታይ እዩ፧ ገንዘብ ዝደለኻዮ እትረኽበሉ'ዩ፡ ምንጪ ጸቕጢ'ዩ፡ መለክዒ ዓወት'ዩ፡ መለክዒ ሓይሊ'ዩ፡ መለክዒ ናጽነት'ዩ፡ መሳርሒ ገበን'ዩ፡ ወዘተ እናተባህለ ብዙሕ መግለጺታት ይወሃቦ እዩ። ብዛዕባ ገንዘብ ዘይሓስብ ሰብ ኣሎ ክበሃል ኣይከኣልን። ምኽንያቱ፡ ገንዘብ ኩሉ ሸነኻት ህይወትና ዝጸሉ ጉዳይ እዩ። ብቑጠባ ዝሓሸ መነባብሮ ዘለዎ ሰብ ከይተረፈ ብዛዕባ ገንዘብ ይሓስብ እዩ፣ ምናልባት ከምቲ ትሑት ቍጠባ ዘሎዎ ሰብ ኣይኹን፡ ዘለዎ ገንዘብ ብኸመይ የመሓድሮን የራብሕን ካብ ሓሳብ ዓዲ ኣይውዕልን እዩ።

ዓለም፡ ዝተፈላለየ ጠባይን ድሕረ ባይታን ዘሎዎም ሰብን ዝተፈላለየ ባህሊ ዘሎዎም ሕብረተሰብን ዝተመልአት እያ። እዚ ውልቃውን ሓባራውን ፍልልያት ንኻልእ ብርክት ዝበለ ፍልልያትን ኣድልዎን ማዕጾ ዘርሑ ረቛሒ እዩ። ጾታ፡ ሕብሪ ቈርበት፡ ደጋዊ መልክዕ፡ ቅርጺ ኣካላት፡ ወዘተ ኣብ መዓልታዊ ህይወትና ካብ ዘሳቕዩና መሰረት ኣድልዎ እዩ። ኣብ ቀድሚ ገንዘብ ግን ኵሉ ኣድልዎ ብዜሮ እዩ ዝረብሕ። ገንዘብ ዘሎዎ ሰብ፡ ኣብ ኩሉ ዓይነት ወይ ደረጃ ህይወት፡ ዝበዝሐ ግዜ ቅቡል እዩ። በዚ ምኽንያት'ዚ፡ ገንዘብ ክህልዎ ዘይደሊ ሰብ ኣሎ ክበሃል ኣይከኣልን። ንዝኾነ ሰብ፡ "ክንድቲ'ቲ እትደልዮ ዓቐን ገንዘብ እንተ ትረክብ እንታይ ምገበርካ፧" ኢልና ምስ እንሓትት፡ እቲ ዝምለስ መልሲ ብዙሕ ዘገረም ኣይኮነን። "ህይወተይ መመሓየሽኩ፡" "ዘድልየኒ ምገዛእኩ፡" "ንስድራይ ምሓገዝኩ፡" ... ካብ ዝብል ዝርዝር ኣይወጽእን እዩ። ገንዘብ ክንስእንን ክንረክብን ዘሎ ናይ ባህሪ ፍልልይ ግን ኣይነስተውዕለሉን ኢና። እቲ ዝገርም ነገር፡ ካልእ ሰብ ገንዘብ ምስ ረኸበ ዘርእዮ ለውጢ፡ ንሕና'ውን ገንዘብ ምስ ረኺብና እነርእዮ ተመሳሳሊ ለውጢ ምዃኑ ዘይንኣምን ምኳና እዩ።

ገንዘብ ንባህርና ይጸልዎዶ፧

ኣብ የል ኢንሳይት ዝበሃል ገጽ ናይ መራኸቢ ብዙሓን፡ ተሓጋጋዚት ፕሮፌሰር ኬትለን ዲ ቮህስ፡ ገንዘብ ባህርና ይጸልዎ ምዃኑ ዝገልጽ ምርምር ኣካይዳ ከም ዝነበረት ትገልጽ። ሓደ ካብቲ መጽናዕቲ ገንዘብ ንኻልኦት ኣብ ምሕጋዝ ንእንወሶ ተበግሶ ከም ዝጸሉ ዝሕብር እዩ። ኣብቲ መጽናዕቲ ሓደ ጉጅለ ብዛዕባ ገንዘብ ከም ዝሓስብ ዝገብር ንጥፈታትን ዕላላትን ከም ዝዳልወሉ ተገይሩ፣ እቲ ካልኣይ ጉጅለ ግን ብገንዘብ ንኽሓስብ ዘይተጸልወን። እዞም ክልተ ጉጅለታት ካብቲ መጽናዕቲ ዝካየደሉ ክፍሊ ምስ ወጽኡ፡ ሓንቲ ካብ ዓቕማ ወጻኢ ብዝሒ ንብረት ኣብ ኢዳ ዝሓዘት ጓል ብጥቓኦም ከም ትሓልፍን ንብረታ ከም እተውድቖን ተገብረ። እቲ ዕላማ፡ ክንደይ ካብዞም ኣባላት ጉጅለ ንኽሕግዙ ተበግሶ ይወስዱ ንፍታሽ እዩ ነይሩ። እቶም ብዛዕባ ገንዘብ ከም ዝሓስቡ ዝተገብሩ ጉጅለ ካብ ዝወሓደ ተበግሶ ዝወሰዱ ኮይኖም ጸንሑ። ስለዚ፡ ገንዘብ፡ ንኻልእ ሰብ ኣብ ምትሕግጋዝ እነርእዮ ተበግሶ ብኣሉታ ክጸሉ ከም ዝኽእል ክንርዳእ ንኽእል።

ተሓጋጋዚት ፕሮፌሰር ኬትለን ዲ ቮህስ፡ ገንዘብን ሓገዝ ምሕታትን እንታይ ዝምድና ክህልዎ ይኽእል ንምፍታሽ ካልእ ተመሳሳሊ መጽናዕቲ ኣካይዳ እያ። ኣብዚ መጽናዕቲ፡ እቶም ብዛዕባ ገንዘብ ከም ዝሓስቡ ዝተገብሩ ጉጅለ ካብቶም ብዛዕባ ገንዘብ ዘይሓሰቡ ዝወሓደ ሓገዝ ከም ዝሓቱ እያ ተዓዚባ። ስለዚ፡ ገንዘብ ኑብስኻ ክትክእለን'ውን ከም ዝጸሉ ትነግር። ሳልሳይ መጽናዕቲ፡ ገንዘብ፡ ኣብ ማሕበራዊ ኣካላውን ቃንዛ ዘሎዎ ጽልዋ እዩ። ኣብቲ ዘካየደቶ መጽናዕቲ፡ ብዛዕባ ገንዘብ ከም ዝሓስቡ ዝተገብሩ ጉጅለ ዝያዳ እቶም ብዛዕባ ገንዘብ ዘይሓሰቡ ጉጅለ፡ ኣካላዊ ቃንዛን ማሕበራዊ ተነጽሎን ዝጻወሩ ኮይኖም ጸኒሖም። እቲ ዝደንቕ ነገር ግን እዞም ጉጅለታት ዝኾነ ገንዘብ ኣይተዋህቡን፣ ጥራይ ብዛዕባ ገንዘብ ከም ዝሓስቡን ዘዘኻኽሩን እዩ ተገይሩ። ስለዚ፡ ገንዘብ ምስ እንሓስበሉ ጥራይ'ውን ሓያል ጽልዋ ኣብ ባህርና ክስዕብ ይኽእል።

ምስ ገንዘብ ዘሎና ዝምድና ብዝተፈላለየ ረቛሒታት ዝተጸልወ እዩ። ሓደ፡ ኣተዓባብያን ባህልን እዩ። ዝዓበናሉ ሕብረተሰብ ብዛዕባ ገንዘብ፡ ገንዘብ ዘሎዎም ሰባት፡ ኣመጻጽኣን ኣመሓድራን ገንዘብን ዘሎዎ መረዳእታ፡ ንባህርናን መረዳእታናን መሰረታዊ ጽልዋ ኣሎዎ። ኣብ ከባቢና ሃብታም ሰብ ከም ንጉስ ዝኽበር፡ ዝገበረ እንተ ገበረ ዘይትንከፍ፡ ብገንዘቡ ኵሉ ክገብር ዝኽእል፡ ... ምዃኑ እናተዓዘብና እንተ ዓቢና፡ ተመሳሳሊ መረዳእታን ግብርን ክንደግም ግድን እዩ። ካልኣይ ረቛሒ፡ ምስ ስድራቤትን ዓርከ መሓዛን ዘሎና ዝምድና እዩ። ብገንዘብ ዘይትመን ፍቕርን ምትሕብባርን ዝዓብለሎ ህይወት ዘሎዎ ሰብ፡ ሓይሊ ገንዘብ ደረት ከም ዘሎዎ ይርዳእ እዩ። እንተወሓደ ገንዘብ ፍቕሪ፡ ምትሕጋግዝን ብጻይነትን ክገዝእ ከም ዘይኽእል ይፈልጥ። ሳልሳይን እዋናውን ረቛሒ ከኣ ፋይናንሳዊ መሃይምነት ምጥፋእ እዩ። ምሕደራ ገንዘብ ምሳና ዝውለድ ክእለት ኣይኮነን። ልክዕ ከምቲ ካልእ ጥበባት ህይወት ክንመሃሮን ተመኩሮ ክንቀስመሉን ዝግባእ ዓውዲ እዩ።

ተመራማርቲ ስነ ኣእምሮ፡ 'ገንዘብ ዝያዳ ዘረሓቐ፡ ኣተሓሳስባና ዝያዳ ይንጽር፣ ዝያዳ ዝቐረበ ከኣ ዝያዳ ይወጃበር፡' ይብሉ። ገንዘብ ንባህርና፡ ስምዒትናን ኣተሓሳስባናን ይጸሉ እዩ። በዚ ምኽንያት፡ ገንዘብ ክንረክብን ክንስእንን ለውጢ እነርኢ። እዚ ለውጥታት ከነምሓድሮ ምስ ዘይንኽእል ከኣ ገንዘብ ኣብ ዘይብልና ግዜ ኣገዳሲ ኮይኑ ዝረኣየና ዝነበረ መሰረታዊ ነገራት፡ ገንዘብ ምስ ረኸብና ኣብ ምትግባሩ ንጽገም። ብተወሳኺ፡ ገንዘብ ከነዋህልልን ብዝግባእ ኣገባብ ክንጥቀመሉን እውን ንጽገም። ምስ ገንዘብ ዘሎና ዘይተመሓደረ ስምዒትን ዝምድናን፡ ካብ ጥቕሙ ጉድኣቱ እዩ ዝዓቢ። ስለዚ፡ ዝምድናና ዳግማይ ምኽላስ የድልየና።

## ጉዳይ ገንዘብን ቈልዑን

ንውላደይ ብዛዕባ ገንዘብ ዝምህረሉ ቅኑዕ ዕድመ መኣስ'ዩ፧

እቲ ዝበለጸ ዕድመ፡ ውላድና ምቍጻር ኣብ ዝጅመረሉ እዋን'ዩ። እዚ ድማ ካብ 3 -5 ዓመት ምስ ኮነ ማለት'ዩ። እዚ ዕድመ'ዚ፡ ገንዘብ ዝተፈላለዩ ነገራት ንምግዛእ ከም እንጥቀመሉ እንምህረሉ ግዜ'ዩ። ሰለስተ ሳንዱቕ ብምድላው ከኣ 'እንጥቀመሉ ገንዘብ'፡ 'እነዋህልሎ ገንዘብ'፡ ከምኡ'ውን 'ንኻልእ እንህቦ ገንዘብ' ዝብል ጽሒፍና ንገንዘብ ብጭቡጥ ንዝተፈላለየ ጉዳያት ከም ዘውዕልዎ ክንምህሮም ንኽእል ኢና። እዚ ስሩዕ እንተኣካዪድናዮ፡ ገንዘብ ናይ ምምሕዳር ጉዳይ ገና ካብ ንእስነቶም ልሙድ ንገብሮ ማለት'ዩ።

ብዛዕባ ገንዘብ ምስ ዕድሚኦም ዝኸይድ ትምህርቲ እንታይ የጠቓልል፧

ንደቅና ብዛዕባ ገንዘብ፡ ኣብ ዝግብኦም ዕድመ ምስ እንምህሮም፡ ንህይወቶም ምሉእ ከገልግሎም ዝኽእል ክእለት ከማዕብሉ የኽእሎም'ዩ። በብዕድመኦም ክንርእዮ፤

1. ቀድመ ትምህርቲ፥ ካብ 3 -5 ዓመት

- ገንዘብ ዝተፈላለዩ ነገራት ንምግዛእ ከም እንጥቀመሉ እንምህረሎም ግዜ'ዩ
- ብመልክዕ ጸወታ ናይ ምግዛእን ምሻጥን ኣገባብ መሃሮም
- ዓቕሊ እንተገይሮም ዝሓሸ ነገር ክገዝእ ከም ዝኽእሉ ንኽፈልጡ ኣተባብዕዮም። ብኣብነት፡ ኣብ ክንዲ ሎሚ ብዝሓዝዎ ሓንቲ ናቕፋ ማስቲካ ዝገዝኡ፡ ኣዋህሊል ኣቢሎም [ሕብስቲ] ክገዝኡ ይኽእሉ። እዚ ድማ ናይ ምውህላል መረዳእታኦም የዕቢ።

2. ማእከላይ ዕድመ ቍልዕነት፥ ካብ 6 -10 ዓመት

- ምስ ዕድመኦም ዝኸይድ ውሑድ ገንዘብ ብምሃብ ብዛዕባ ኣጠቓቕማኡን ምውህላልን ኣዘራርቦም።
- በብግዜኡ ንዝውሰኽ ገንዘቦም ክርእይሉ ዝኽእሉ ናይ መዋህለሊ ሳጹን ኣዳልወሎም።
- ኣብ መንገ ዘድልዮምን ዘደልይዎን ዘሎ ፍልልይ እንታይ ምዃኑ መሃሮም።

3. ቅድመ ኰትትና፥ ካብ 11 -13 ዓመት

- ገንዘብ በብመዓላኡ ንኽፈላልይዎ ሓግዝዎም። ዘውህለል፡ ንኻልእ ዝህብዎን ከምኡ'ውን ዝጥቀምሉ።
- ብዕላማ ምውህላል- ንኣብነት፡ ኣዋህሊሎም ዘደልይዎ ነገር ክገዝኡ ይኽእሉ።
- ገንዘብ ኣብ ባንክ ምቕማጥ ዘለዎ ረብሓ ግለጸሎም። እንተተኻኢሉ ናይ ባንክ ሕሳብ ክፈተሎም።

4. ኮተቴ፥ ካብ 14 -18 ዓመት

- ብዝተፈላለየ ኣገባብ ንዝረኽብዎ ገንዘብ ብኸመይ ከም ዘመሓድርዎ መሃሮም።
- ረብሓን ሓደጋን ለቓሕ ኣረድኣዮም።
- ብዛዕባ ወፍሪ ኣዘራርቦም። ኣገዳስነት ንነዊሕ እዋን ዝዓለመ ምውህላል ክፈልጡሉ ዘለዎም ዕድመ'ዩ።
- ኣብ መጻኢ ህይወቶም ዝገብርዎ ወጻኢታት ዘትዩሎም። ክራይ ገዛ፡ ክፍሊት ዝተፈላለየ ኣገልግሎትን ካልእን።

ኣብ ኩሉ ክሊ ዕድመ፡ ብዛዕባ ገንዘብ ክፉት ዘተ ኣተባብዕ። ብኣብነት ምራሕ። ቍልዑ ብእትነግሮም ጥራይ ዘይኮነ ብኸመይ ገንዘብካ ተመሓድሮ ኣለኻ ብምርኣይ'ውን ዝያዳ ይመሃሩ'ዮም።

*(ምንጪ፡ ጥበብ ኣተዓባብያ ደቅና - ብጴጥሮስ መንግስ)*

## ተኸፊሉ ዘይውዳእ ዕዳ

ሓደ ኣብ ክሊ ዕድመ ኰትትና ዝነበረ ውላድ፡ ኣብ ክሽነ ኮይና ትሰርሕ ንዝነበረት ኣደኡ ከይዱ፡ ሓንቲ ወረቐት ኣቐበላ። ድራር እናሰርሐት፡ ኣቘሒሉት ትሓጽብ ስለ ዝነበረት፡ ነታ ወረቐት ማይ ከይትጽይቓ ብምባል ኣእዳዋ ብንቑጽ ጨርቂ ኣንቂጻ ተቐበለቶ። ኣብታ ወረቐት፥

- ኣብ ኣፍ ደገ ገዛና ዝነበረ ሳዕሪ ናይ ዝቖረጽኩ - 5 ናቕፋ
- መደቀስየይ ናይ ዘጽረኹ - 2 ናቕፋ
- ድኳን ናይ ዝተለኣኽኩ - 2 ናቕፋ
- ጓሓፍ ናይ ዝጐሓፍኩ - 2.50 ናቕፋ
- ሹቕ ምስ ከድኪ ኣሕዋተይ ናይ ዝሓለኹ - 2.75

ብጠቕላላ 14.25 ናቕፋ ዝኽፈል ዕዳ ኣሎኪ፣ ዝብል ነበረ።

እታ ኣደ ነቲ ወዳ ዝጸሓፎ ምስ ኣንበበት ብዕምቈት ኣስተንፈሰት እሞ፡ ኣብ ትሕቲኡ ከምዚ ክትብል መለሰት፥

- ኣብ ከብደይ 9 ወርሒ ናይ ዝጾርኩኻ - ካብ ዕዳ ነጻ ኢኻ
- ክሳዕ ትጐብዝ ለይትን ቀትርን ከይደቀስኩ ናይ ዝሓለኹኻ - ካብ ዕዳ ነጻ ኢኻ
- ቀልቀልካን ሽንትኻን ናይ ዝጸረግኩ፡ መግቢ ናይ ዝሰራሕኩን ዘብላዕኩኻን - ካብ ዕዳ ናጻ ኢኻ
- ናይ ዘምሃርኩኻ፡ ዝኸደንኩኻን ክዳውንትኻ ናይ ዝሓጸብኩን - ካብ ዕዳ ነጻ ኢኻ፡

ብጠቕላል ናይ ዘፍቀርኩኻን ብሓልዮት ዘተንከባኸብኩኻን- ካብ ኩሉ ዕዳ ነጻ ኢኻ ዝወደይ።

እቲ ኰተቴ፡ ኣደኡ ዝጸሓፈቶ ምስ ኣንበበ ፊቕ ኢሉ በኸየ። ኣብ ታሕቲ፡ "ኣነ'የ ተኸፊሉ ዘይውዳእ ዕዳ ዘሎኒ!" ኢሉ ብምጽሓፍ ንኣደኡ ሓቝፉ ሰዓማ፣ "ኣዝየ እየ ዘፍቅረኪ፡ ስለቲ ኩሉ ዝገበርክለይ ከኣ ኣዝየ ኣመስግነኪ!" በላ።

# ስፖርት

መርሃዊ ገብረሚካኤል

## ውድድር ኵዕሶ መርበብ ግራስ ሩት ኣብ ኣጋ ምዝዛሙ

ክረምታዊ ውድድር ኵዕሶ መርበብ ግራስ ሩት ዞባ ማእከል፡ ሓሙስ ሓሙሽተ ጸወታታት ብምኽያድ ናይ ምድብ ጸወታኡ ዛዚሙ። ዝተረኽበ ወጽኢት ድማ፡ ኣብ ዕድመ 16ን17ን ኣኽርያ ንበርኽ ጉዳይፍ ንዝ ጥንዳ ብዝተማሳሰለ 2ብ1 ክዕወታሉን ንክለዋ፡ ኣብ ዕድመ 14ን15 ደቂ-ተባዕትዮ ግዝጠንዳ ንጀረት 2ብ0፡ ደቂ-ኣንስትዮ ተመሳሳሊ ዕድመ ኣቦሻውል ንኣኽርያ፡ ጉዳይፍ ንበርኽ 2ብ0 ብዘየኻ ወጽኢት ሰዒረንኦን።

እዚ ውድድር ሎሚ ዓርቢ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ሜዳታት ቮሊቦልን ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ እምባዛራን ናብ ፍጻመ መን ሓሊፉ ግጥሚታቱ ከሰላስል እዩ። ኣብ ሜዳ ቮሊቦል 14ን15ን ደቂ-ተባዕትዮ፡ ጋሻ ነፋሒ ምስ ዕዳጋ ሓሙስ፡ ኣብ ዕድመ 16ን17ን ደቂ-ኣንስትዮ ዕዳጋ ሓሙስ ምስ ጉዳይፍ፡ ደቂ ተባዕትዮ ዕዳጋ ሓሙስ ምስ ማይ ተመናይ ከምኡ'ውን ኣቦሻውል ምስ ጋሻ ነፋሒ ክጠማጠማየ። ኣብ ሜዳ ቤት ትምህርቲ እምባዛራ ዕድመ 14ን15ን ደቂ-ኣንስትዮ ኣቦሻውል ምስ በርኽ፡ ዕዳጋ ሓሙስ ምስ ጉዳይፍ፡ ደቂ-ተባዕትዮ ኣኽርያ ምስ ጉዳይፍ፡ ኣብ 16ን17ን ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣርባዕተ ኣስመራ ምስ በርኽ ክራኸባ እየን። ኣብዚ ውድድር ዝበዓራ ጋንታታት፡ ቀዳምን ሰንበትን ኣብ ሜዳ ቮሊቦል ናይ ደረጃን ፍጻመን ጸወታ ተሰሪዑለን ምህላዉ ህዝባዊ ርክብት ናይቲ ውድድር ሓቢሩ።



## ደሃይ ውሽጣዊ ውድድራት "እዚ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ"

ኣብ መዓስከር ሓይሊ ኣየር ዝቐደድ ዘሎ ውሽጣዊ ውድድራት እዚ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ፡ ብረብዕ ብጸወታታት ኵዕሶ እግርን መርበብን ግጥሚታቱ ኣብ ዘሰላስለ፡ ደቂ ኣንስትዮ ኩዕሶ እግሪ ጋንታታት ሮኬትን ፈንቅልን ብናይ ሓባር ወጽኢት 1ብ1 ተፈላልየን።

ሮኬት ኣብ ራብዓይ ደቒቕ ካብ ራሄል ዓንደብርሃን ሸቶ ረኺባ። ሮኬት ሓላዊት ጋንታኣ ቅሳነት የዕበዮ ሓላፍነት ዝወሰደትላ ፍጹም ቅላዕ'ኳ እንተ ረኸበት፡ ሓላዊት ልዳት ጋንታ ፈንቅል፡ ግና ነታ ቅላዕ ኣብ ሕቆፊኣ ብምእታው ኩዕሶ ብቕልጡፍ ድሕሪ ምጅማራ ደሊና ጉብረትንኣኤ ኣብ 38 ደቒቕ ብዘመዝገበታ ሸቶ ብምምዕርራይ፡ ነጥቢ ተማቒለን ወጺኦን።



ቀጺለን ዝተጋጠማ ጋንታታት ደቂ-ተባዕትዮ ሮኬትን ፈንቅልን እየን ነይረን። ሮኬት ኣብ መበል 12፡ 78 ደቃይቕ ብመንገዲ የሴፍ ኣሃኒያን ሳሚኤል ዘናዊን ክልተ ሸቶታት ብምምዝጋብ 2ብ1 ተዓዊታ። ፈንቅል ድማ ነታ ካብ ስዕረት ዘይተናግፍ እንኮ ሸቶ ኣብ 81 ደቒቕ ካብ ሮቤል ማእከለ ኣመዝጊባታ።

ኣብቲ ዕለት ዝተኻየደ ኩዕሶ መርበብ ደቂ-ኣንስትዮ መሰረት ንሓለበት፡ ዊና ንጹሓይ በርቂ ከምኡ'ውን ጽንዖት ንመሰረት ብተመሳሳሊ ወጽኢት 2ብ0 ሰዒረንኦን። ኣብ ደቂ-ተባዕትዮ ጹሓይ በርቂ ንዊና 2ብ0፡ መሰረት ድማ ንሓለበት 2ብ1 ተዓዊተናሎን።

ስፖርታዊ ውድድራት እዚ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ሎሚ ዓርቢ ብጸወታታት ኩዕሶ እግርን መርበብን ቀጺሉ ክውዕል እዩ።

## ደላፕ ዝኸበረ ተጻዋታይ ኖቲንግሃም ፎረስት ኮይኑ

ኖቲንግሃም ፎረስት ንኣጥቃዓይ ቸልሲ ሊያም ደላፕ ብ45 ሚልዮን ፓውንድ ኣፈሪሞቶ። እዚ ማሰርሕ ምስግጋር ኣብ ኖቲንግሃም ፎረስት ክብሪ ወሰን ሰቢሩ ምህላዉ ይንገር። በዚ መሰረት እዚ ኣጥቃዓይ ኣብዛ ጋንታ ንሓሙሽተ ዓመት ዘጸንሖ ውዕል ከቲሙ ኣሎ።

ቸልሲ ልዕሊ ዝኾነት ጋንታ ፕሪመር ሊግ ኣብ ምስግጋር ተጻወትቲ መጠኑ ዝሓለፈ መኽሰብ ኣብ ምኽዕባት ብዕቱብ ትሰርሕ ምህላዋ እዩ ዝግለጽ። ቸልሲ ንደላፕ ዋላ'ኳ ብ45 ሚልዮን ናብ ፎረስት ትሰደዶ ተወሲኹ ሓሙሽተ ሚልዮን'ውን ክውሰኻ እዩ ብመሰረት እቲ ስምምዕ። በዚ መንገዲ ኣቢላ ድማ ኖቲ ዝሓለፈ ዓመት ካብ ኢፕስዊች ታውን ብ30 ሚልዮን ዘምጸኣቶ ደላፕ፡ 25 ሚልዮን ፓውንድ መኽሰብ ክትረኽበሉ ክኢላ ኣላ። እዚ ወዲ 22 ዓመት ኣጥቃዓይ፡ ቸልሲ ኣብ ዝሓለፈ ወቕቲ ካብ ሳዕለዋይ ናብ ዝተሓተ ደረጃ ወሪዳ ኣብ ዝዘዘመትሉ ግዜ፡ ኣብ 37 ጸወታታት 12 ሸቶታት ብስሙ ኣመዝጊቡ እዩ። ቸልሲ ኣብዚ ክረምቲ ካብ መሸጣ ተጻወትቲ ናይ 260 ሚልዮን ፓውንድ መኽሰብ ረኺባ ኣላ።

## ምባፐ ሃትሪክ ብምስራሕ ንብሉጽ ኣመዝጋቢ ...

ፈረንሳዊ ኣጥቃዓይ ሪያል ማድሪድ ክልያን ምባፐ፡ ዝሓለፈ ረብዕ ጋንታኡ ኣንጻር ሪያል ሶሲዳድ ኣብ ዝገጠመትሉ ምሸት፡ ሃትሪክ ብምስራሕ ደሚቑ ኣምሲዩ።

ምባፐ እተን ሃትሪክ ዝሰረሐሉ ሸቶታት ነፍሲ ወከፈን ኣብ 20 ደቓይቕ ፍልልይ ዝነበረን ብምኳነን ፍሉይነት ኣለወን። ኣብ መበል 40፡ 60 ከምኡ'ውን ኣብ መበል 80 ደቓይቕ ዝተመዝገባ ሸቶታት፡ ኖቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ንሪያል ማድሪድ 25 ሸቶታት ብምምዝጋቡ ብሉጽ ኣመዝጋቢ ሸቶ ኮይኑ ዝተረቖሐ ምባፐ፡ ሓድሽ ምዕራፍ ክየንጽል ኣኽኢሉናኦ ኣለዋ። ኣብ ፈላሚ ሰሙናት ናይዚ ሊግ ብሰለስተ ሸቶታት መሪሕነት ብምሓዙ ናይ ዓሚ ክብሩ ደጊሙ ብስሙ ንምኽላዕ ኣሃዱ ኢሉ ጀሚሩ ኣሎ።

ሀዚ ሞሪኖ ኣብ ሳንቲያጎ በርናቡ ሓድሽ ኣሰልጣኒ ኮይኑ ካብ ዝቖጸር ንፈለማ ግዜ ኣብ ጉዱእ ሜዳኡ ዝተገዘፎ ገፊሕ ዓወት፡ ነታ ትማሊ ምሸት ጋዜጣ ኣብ ሕትመት እንከላ ኣንጻር ኣትሌቲኮ በልባኦ ትገጥም ባርሰሎና ኣብ ወጥሪ ከም ትኣቱ ጊዩሩዋ ኣሎ። ማድሪድ ዝሓለፈ ቀዳም ኣንጻር ኢስጳኞል ዘቐደደቶ ጸወታ 2ብ1 ምዕዋታ ይፍለጥ።

ማድሪድ ኣብዚ ድሮ ካልኣይ ሰሙን ኣቝጺሩ ዘሎ ላሊጋ፡ ኣብ ክልተ ጸወታ ክልተ ዓወት ብምስናድ ቀዳማይ ደረጃ ሒዛ ትግስገስ ኣላ።

ሞሪኖ ኣብ ፈላሚ ግጥም ናይዚ ሊግ ዝተኸተሎ ኣሰላልፋ፡ ቅንዕ ዘይምኳኑ ዝገልጹ ወገናት'ኳ እንተ ነበሩ፡ ኣሱ ግን እቲ ዝኣምነሉን ዝበለጸ ኣሰላልፋን ምኳኑ ብምጥቃስ ክደግሞ እዩ ተራእዩ። ከም ወጽኢት ናይ እምነቱ ድማ ብገፊሕ 4ብ1 ክዕወት ክኢሉ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ቅኑዕ ውሳነ ከም ዘሎ ኣርእዩ።



## ጁልቫሪዝ ካብ ልምምድ ጋንታኡ ይበኩር

ኣብዚ ክረምቲ ብተደጋጋሚ ኣስሚዑዎ ኣብ ማሕኮት ምስግጋር ተጻወትቲ ክለዓል ዝጸንሐ ኣርጀንቲናዊ ኣጥቃዓይ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ጁልያን ኣልቫረዝ፡ ክለቡ ኣብ ዝገበረቶ ልምምድ ንኻልኣይ ግዜ በኲሩ።

እዚ ኣርጀንቲናዊ ኣጥቃዓይ መጻኢኡ ኣብዛ ስጳኛዊት ክለብ ዘይንጸር ኮይኑሉ ኣብ ዘሎ ግዜ፡ ብተደጋጋሚ ካብ ልምምድ ክበኩር ምኽኣሉ፡ ኖቲ "ናብ ካልእ ጋንታ ክኸይድ ይኽእል እዩ" ዝብሃል ዘረባታት ርጉጽ ዝገበሮ ይመስል። ዝሓለፈ ሰንበት ብደገፍቲ ጋንታኡ ዝተጻረፈ ኣልቫረዝ ከም መርኣያ ናይዚ ድማ ብረብዕ ኣብቲ ጋንታኡ ዘቐደደቶ ልምምድ ክበኵር ተራእዩ።




ኣልቫረዝ ናብ ባርሰሎና ናይ ምኻድ ባህጊ'ኳ እንተ ሃለዎ፡ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ግና ናብ'ታ ክለብ ፈጺማ ከም ዘይትሸጦ ምሕባራ ይፍለጥ። በዚ ድማ ኣልቫረዝ መጻኢኡ ክሳብ ሎሚ ንጹር ኣብ ዘየለወሉ እዋን፡ ኣንፈቱ ናብ እንግሊዛዊት ክለብ ኣርሰናል ብምቕናዕ፡ ኣብ እንግሊዝ ምቹእ ናይ ጸወታ ዕድል ንምርካብ ዘኽእሎ ኩነት ንምድህሳስ ኣብ ሓሳብ ከም ዘርከበ ይግለጽ።

### መደብ ጸወታ

መደብ ጸወታ ሎሚ

ፕሪመር ሊግ

ክሪስታል ፓላስ - ማንቸስተር ሲቲ 10:00 ድ.ቀ

ላሊጋ

ሳንታንደር - ኤልቼ 8:00 ድ.ቀ

ኣላቨስ - ቪላሪያል 10:30 ድ.ቀ

ሰሪኣ ኢጣልያ

ኢንተር ሚላን - ቬዚያ 9:45 ድ.ቀ

## ሊቨርፑል ንብራድሊ ባርኮላ ንምፍራም ተሰማሚዓ




እንግሊዛዊት ክለብ ሊቨርፑል ንፈረንሳዊ ኣጥቃዓይ ክለብ ፓሪስ ሴንት ጀርመን ብራድሊ ባርኮላ ብ120 ሚልዮን ፓውንድ ንምፍራም ከም ዝተሰማምዐት ተሓቢሩ።

ፒኤስጂ ነዚ ወዲ 23 ዓመት ፈረንሳዊ ኣጥቃዓይ 140 ሚልዮን ፓውንድ ኢያ ተሚናቶ ጺሓ። ኮይኑ ግና፡ ምስዚ መርሲሳይድ ጋንታ ብዘበረቶ ስምምዕ ናብ 120 ክስድል ከምዝሸኣለ ይሕበር።

ምስ ሃገራዊት ጋንታ ፈረንሳ ብምኳን ኣብ ውድድራት ዋንጫ ዓለም ተጸሚዱ ዝኸረመ ባርኮላ፡ ሊቨርፑል ኣጥቃዓይ ንምፍራም ኣብ ትጽዕረሉ ዝነበረት እዋን ቀዳማይ ዕላማ ኮይኑ ምንባሩ ይፍለጥ።

ምስ ምምጻእ ባርኮላ ኣብታ ጋንታ ክጥዕሞ ከም ዘይክእል ዝነገረሉ ዘሎ ሆላንዳዊ ኮዲ ጋክፖ ድማ፡ ማእዝኑ ናብቲ ብሃንቀውታ ዝጸበየኦ ዘለዋ ክለባት ቶተንሃም ወይ ማን ሲቲ ክኸይድ ዝደፋፍእ ኩነት ምዃኑ ይሕበር።

ባርኮላ ኣብ 2023 ካብ ሊዮን ብ38.5 ሚልዮን ፓውንድ ናብ ፒኤስጂ ዝተሰጋገረ ኮይኑ፡ ሰለስተ ዋንጫ ሊግ 1፡ ክልተ ሻምፕዮንስ ሊግ፡ ክልተ ግዜ ዋንጫ ፈረንሳ ከምኡ'ውን ሱፐር ካፕ ዩኤፋን ዋንጫ ኢንተርኮንቲነንታል ፊፋን ምዕታሩ ይፍለጥ።

## ሻምፕዮን ክለባት ኤርትራ ይቕጽል

ውድድር ሻምፕዮን ክለባት ኩዕሶ እግሪ ደቂ-ተባዕትዮ ኤርትራ ብረቡዕ ኣዕሪፉ ድሕሪ ምውዓል፡ ትማሊ ሓሙስ ንኣልታሕረርን ኣልነስርን ኣብ ዘራኸበ ግጥም፡ ኣልታሕረር ብዑብላሊ ወጽኢት 4ብ0 ተዓዊታ።

ኣልታሕረር ቅድሚ ዕረፍቲ ኣብ መበል 37 ደቒቕ ካብ ኣለክሳንደር የናታን ከምኡ'ውን ኣብ መበል 43 ደቒቕ ካብ ብርሃ ተስፋሚካኤልን ብዘረኸበተን ክልተ ሸቶታት ናብ ዕረፍቲ መሪሓ ኣምሪሓ።

ኣብ ካልኣይ እብረ ኣልታሕረር ደጊማ ካብ ኬሸን በረኸት ኣብ መበል 76 ደቒቕ፡ ካብ ካልድ ዓብደላ ድማ ኣብ መበል 90 ደቒቕ ብዘረኸበተን ሸቶታት ብገፊሕ 4-0 ንጸወታ ርጉጽ ገይራቶ። ዘርኢት የማን ካብ ክለብ ኣልታሕረር ድማ ብሉጽ ናይቲ ግጥም ኮይኑ።

ቀጺሉ ንሳሰለን ኣቘርደትን ዘራኸበ ግጥም፡ ሳሰለ ብዑብላሊ ወጽኢት 5-0 ተዓዊታ ክትወጽእ ክኢላ። ሸቶታታ ድማ ተማስገን ሃብትዝጊ ኣብ ሻሙናይን 24 ደቒቕ፡ ሄኖክ ዳኘው ኣብ መበል 16 ፡ እያቤድ ተስፋይ ኣብ መበል 62 ደቒቕ ከምኡ'ውን ካብ ናህም ተኽለማርያም ኣብ መበል 72 ደቒቕ እያ ረኺባተን። ናህም ተኽለማርያም ድማ ብሉጽ ናይቲ ግጥም ኮይኑ።

ናይ መወዳእታ ግጥመን ዘሰላሰላ ጋንታታት ቀይሕባሕርን ደንከልያን ድማ፡ ሳልሕ ሰዑድ ሱፐር ሃትሪክ ኣብ ዝሰርሓሉ ፍጻመ፡ ቀይሕ ባሕሪ 8ብ0 ጸብሊል ኢላ።

ዓብለሎም ተኽለዝጊ (ኣንበስ) ብሉጽ ተጻዋታይ ዝተጸወዓሉ'ዚ ግጥም፡ ቀይሕ ባሕሪ ቅድሚ ዕረፍቲ ኣብ ተወሳኺ ግዜ መሓሪ መብራሃቱ ብዘመዝገቦ ሸቶ ናብ ዕረፍቲ ኣምሪሓ። ድሕሪ ዕረፍቲ ዋሕዚ ጎላታ ዘዘረየት ቀይሕ ባሕሪ ኣርባዕተ ካብ ሳልሕ ሰዑድ ኣብ መበል 58፡ 78፡ 85፡ 90 2 ደቓይቕ፡ ሄኖክ ርእሶም ኣብ 48፡ ሰናይ በረኸት ኣብ 87፡ ሄኖክ ደብሳይ ናይ ደንከልያ ድማ ናብ ጉድኡ ልዳቱ ኣብ 64 ደቓይቕ ብዘመዝገበውን ሸቶታት ኢያ ተዓዊታ።

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ሩስያ፡ ንወተሃደራዊ መዓስከራት ብሪጣንያ ክትድብድብ ምኻና ተጠንቀቐ



ፌደረሽን ሩስያ፡ ዩክሬን ካብ ብሪጣንያ ንዝተቐበለቶ ኣጸዋር ተጠቒማ ኣብ ልኡላዊ መሬታ መጥቃዕትታታ ምስ እትቕጽል፡ ኑቲ ኣብ ኪየቭ ኮነ ካልኦት ሃገራት ዝርከብ ወተሃደራዊ መዓስከራት ብሪጣንያ ዒላማ መጥቃዕቲ ከም እትገብር፡ ኣፈኛ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ናይ'ታ ሃገር ማሪያ ዛካሮቫ ትማሊ ሓሙስ ኣጠንቂቓ።

መጠንቀቕታ ናይታ ኣፈኛ፡ ዝምድና ሞስኮን ለንደንን ብቐልጡፍ ደሻሕክር ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ከምኡ'ውን ዩክሬን ዋንኡ ብሪጣንያ ዝኾነ ሚሳይል ተጠቒማ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ሩስያ ኣብ እትርከብ ከተማ ዶኔትስክ፡ ሸሞንተ ሰላማውያን ሰባት ዝቐዘፈ መጥቃዕቲ ድሕሪ ምኽያዳ እዩ ዝወሃብ ዘሎ።

እታ ኣፈኛ ወሲኻ፡ እቲ ናብ ብሪጣንያ ዝቐንዐ መጠንቀቕታ ሓዲሽ ከም ዘይኮነ ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ሰባት መጥቃዕቲ ዘካየዱ ኣካላትን ተሓባበርቶምን ዝመጣጠኖም መቕጻዕቲ ክወሃቦም ምኻኑ ኣገንዚባ።

ብሪጣንያ ኣብዚ ሰሙን እዚኡ፡ ዩክሬን 'ስካልፕ' ንዝተባህለ ናይ ነዊሕ ርሕቀት ክሩዝ ሚሳይል ብውሽጣዊ ዓቕማ ክተፍርዮም ዘኽእላ ምስጢራዊ ቴክኖሎጂ ክትህባ ምውሳና ተፈሊጡ ኣሎ።

ብድሕሪ እቲ ውሳኔ፡ ኣፈኛ መንግስቲ ክረምሊን ዲሚትሪ ፔስኮቭ፡ ብሪጣንያ ኣብቲ ኲናት ኣብ ጎድኒ ዩክሬን ተሰሊፋ ትሳተፍ ምህላዋ ድሕሪ ምኽሳስ፡ ሃገሩ እውን ኢዳ ኣጣሚራ ከም ዘይትዕዘብ ኣጠንቂቑ።

## ኩባንያ 'ሜታ'፡ 18 ቢልዮን ዶላር ክኸሕስ ተሰማሚዑ

ኩባንያ ማሕበራዊ መራኸቢታት 'ሜታ'፡ ኣብ ልዕሊ ቈልዑ ኣውሪድዎ ብዝበሃል ዘሎ ጸገማት ጥዕና ኣእምሮ፡ ኣስታት 18 ቢልዮን ዶላር ካሕሳ ክኸፍል ከም ዝተሰማምዐ ተሓቢሩ።

ብርክት ዝበሉ ክፍለ ሃገራት ኣመሪካ፡ ትሕዝቶ መደባት 'ሜታ' ኣብ ልዕሊ ቈልዑ ብሓፈሻ፡ ኣብ ልዕሊ ትሕቲ ዕድመ ተመሃሮ ድማ ብፍላይ ጥዕናዊ ጸገማት ከም ዝፈጠረ እዮን ክገልጻ ጸኒሐን።

እተን 29 ክፍለ ሃገራት፡ እቲ ዓርሞሽሽ ኩባንያ ማሕበራዊ መራኸቢታት፡ ን'ፈይስቡክ'ን 'ኢንስታግራም'ን፡ ትሕቲ ዕድመ ቈልዑ ከወልፉ ኢሉ ብፍላጥ ዝሰደፈን ከም ዝኾነ እዮን ከሲሰን ዘለዋ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ እቲ ግዙፍ ትካል፡ ኣብ ትሕዝቶ ገጻቱ ንጥዕና ቈልዑ ኣብ ግምት ዘእተወ ምምሕያሽ ከም ዝገበር ገሊጹ ኣሎ።

እቲ ኣብ ልዕሊ እዚ ዓርሞሽሽ ኩባንያ ተወሲኑ ዘሎ ግዙፍ ገንዘባዊ መቕጻዕቲ፡ ኣብ ውሽጢ'ዚ ዝመጽእ ዓሰርተ ዓመታት ክኽፈል ተበይኑ ኣሎ።

ንማሕበራዊ መራኸቢታት 'ፈይስቡክ'ን 'ኢንስታግራም'ን ዝሓቁፍ ኣመሪካዊ ኩባንያ 'ሜታ'፡ ትሕዝቶኡ እኹል ናይ ምመያ መስርሕ ዝሓለፈ ኮይኑ ከም ዘይጽንሖ እዩ ዝኸሰሰ።




## ኔፓል-ቻይና፡ ብሓደጋ ዕልቕልቕ ደሃዮም ዝጠፍአ ሰባት ልዕሊ 1,300 በጺሖም

ንኔፓልን ዞባ ቲበት ናይ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይናን ኣብ ዘዳውብ ከባቢታት፡ ብሰንኪ ከምራ በረድ ሃሚሙ ናብ ፈለግ ብምንቛቱ ዝሰዓበ ሓያል ውሑጅን ዕልቕልቕን፡ ልዕሊ 700 ወጻኢተኛታት ዝርከብዎም ልዕሊ 1,300 ሰባት ደሃዮም ጠፊኡ ከም ዘሎ፡ ሰበ ስልጣናት ናይተን ሃገራት ሓቢሮም።

ፖሊስን ሰብ መዚ ቱሪዝምን ኔፓል ኣብ ዘሎብዎ ሓበሬታ፡ ብሰንኪ እቲ ባህርያዊ ሓደጋ፡ ኣብታ ሃገር ልዕሊ 500 ወጻኢተኛታት ዝርከብዎም 823 ሰባት ደሃዮም ጠፊኡ ከም ዘሎ ኣፍሊጦም።

እቶም ጠፊኦም ዘበሃሉ ዘለዉ ሰባት፡ 177 ካብ ህንዲ፡ 63 ካብ ኣመሪካ፡ 34 ካብ ኣውስትራልያ፡ 33 ካብ ብሪጣንያ፡ ከምኡ ድማ 25 ካብ ካናዳ ዝመጹ ምኻኖም እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ፖሊስ ኔፓል ኣስዒቡ፡ ኣብታ ሃገር ክሳብ ሕጂ ዛጊት 359 ሬሳታት ከም ዝተረኽበ ክገልጽ እንከሎ፡ ፖሊስ ቻይና ከኣ ሬሳ ናይ ሰለስተ ግዳያት ረኺቡ ከም ዘሎ ኣሂሩ።

እቲ ሓያል ዕልቕልቕ፡ ካብ እምባታት ሂማላያ ብዝለሐ ዘሎ መደረጋሕ በረድን ኣኻውሕን ናብቲ ኣብ መንጎ ቻይናን ኔፓልን ዝርከብ ፈለግ 'ልሆንደ' ድሕሪ ምንሻርታቱ ዝሰዓበ ምኻኑ ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።




## ኣልጀርያ - ባርዕ ጫካ ህይወት 12 ሰብ ይልክም

ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ኣልጀርያ ብዘጋጠመ ሓደጋ ባርዕ ጫካ፡ ብውሑዱ 12 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ካልኦት 54 ሰባት ድማ መቝሰልቲ ከም ዝበጽሖም፡ ሰበ ስልጣን ናይታ ሃገር ሓቢሮም።

እቶም ሰበ ስልጣን ወሲኾም፡ ኣብዞን በቲ ባርዕ ጫካ ብኸቢድ ዝተሃስያ ከባቢታት ዝርከቡ ሓያሎ ስድራቤታት፡ ናብ ውሑስ ከባቢ ከም ዝግዓዙዎም ገሊጾም።

ሚኒስተር ውሽጣዊ ጉዳያት ኣልጀሪያ ሰዒድ ሳዩድ፡ ሸዱሽተ ካብቶም ዝቐሰሉ ግዳያት ኣብ ሕማቕ ኩነታት ዝርከቡ ብምዃኖም፡ ቁጽሪ ምውታት ክዛይድ ስግኣት ከም ዘሎ ኣሂሩ።

እቲ ሚኒስተር ወሲኹ፡ ዝሓለፈ ረቡዕ ጥራይ ኣብ መላእ እታ ሃገር 154 ሓደጋታት ባርዕ ሓዊ ከም ዝተመዝገበ፡ ገለ ካብኣቶም ከኣ ግና ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ከም ዘይኣተዉ ሓቢሩ።

እቲ ኣብ ኣልጀርያ ብተደጋጋሚ ዘጋጥም ዘሎ ባርዕ ሓዊ፡ ብሰንኪ እቲ ኣብ ሰፈሕ ከባቢታት ናይታ ሃገርን ቱኒዝያን ዝርአ ዘሎ ማዕበል ሙቐት ዝተኸስተ ምኻኑ እዮም ክኢላታት ናይቲ ዓውዲ ዘረድኡ።



## ኡጋንዳ፡ ካብ ኢቦላ ናጻ ኮይና

ኣብ ኡጋንዳ፡ ንዝሓለፉ 42 ተኸታተልቲ መዓልታት ዝኾነ ሓዲሽ መልከፍቲ ኢቦላ ብዘይምምዝጋቡ፡ ውድብ ጥዕና ዓለም፡ እታ ምብራቕ ኣፍሪቃዊት ሃገር ካብ ኢቦላ ናጻ ምኻና ብወግዒ ኣዊጁ።

ቅድሚ ወርሒ፡ መንግስቲ ኡጋንዳ፡ ሃገሩ ካብ ለቡዳ ኢቦላ ናጻ ከም ዝኾነት ገሊጹ'ኳ እንተ ነበረ፡ ውድብ ጥዕና ዓለም ግና፡ ሓንቲ ሃገር ካብቲ ለቡዳ ናጻ ክትብሃል እንተ ኾይና ክትሓልፎም ዘለዋ መስርሓት ከም ዘለዉ ብምምልካት፡ ንእወጃኡ ኣደናጕይዎ ከም ዝጸንሐ እዮም ምንጭታት ዝሕብሩ።

ኣብ ኡጋንዳ፡ ብጠቕላላ 20 ሰባት ብኢቦላ ቫይረስ ክጥቅዑ እንከለዉ፡ ካብኣቶም ከኣ ክልተ ሰባት ከም ዝሞቱ እዮም ጸብጻባት ሚኒስትሪ ጥዕና ናይታ ሃገር ዘመልክቱ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ዲሞክራስያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ ዘሎ ለቡዳ ኢቦላ ብዘለዓለ ናህሪ ይቕጽል ምህላዉ ተሓቢሩ።

ብመሰረት ጸብጻባት ሚኒስትሪ ጥዕና ዲሞክራስያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ፡ ክሳብ ዝሓለፈ ሰሉስ፡ 5,656 ሰባት በቲ ቫይረስ ክጥቅዑ እንከለዉ፡ ካብኣቶም ከኣ 2,715 ሰባት ሞይቶም ኣለዉ።

ኡጋንዳን ዲሞክራስያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎን፡ ን877 ኪሎ ሜትር ዝዝርጋሕ ሓባራዊ ዶብ ከም ዘውንና ይንገረለን።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት መረብ | 28/08/2026 | ጎደና ዓይገት ቁ.ገዛ 17፡ ከባቢ ሲነማ ሓማሴን | 123690 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565